ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.257 | ረቡዕ 26 ሰነ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ትንሳኤ ቁጠባ ደቡብ ኮርያ



ገጽ 3
ልበይ ደዩ ጸቢቡካ



ገጽ 4
ውሁድ መፍረ ዓሳታትን ኣሕምልትን



ገጽ 5
ቀመር ህይወት



ገጽ 11
ኣርሰናል የማናይ ኢድ ሒዛ



# ፍሉይ ልኡኽ መንግስቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ልምዓታዊ ቦታታትን ትካላትን ዑደት ፈጺሙ

ካብ 24 ሰነ ኣብ ኤርትራ ዑደት ዝፍጽም ዘሎ ብሚኒስተር ትካላት ዋኒን ሃገራዊ ፍርያትን - ኣዶልፎ ኡርሶ ዝተመርሐ ፍሉይ ልኡኽ መንግስቲ ኢጣልያ፡ ትማሊ 25 ሰነ ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ዝርከብ ልምዓታዊ ቦታታት፡ መንገዲ ባቡር ኤርትራን ካልእ ትካላትን በጺሑ።

ፍሉይ ልኡኽ ኢጣልያ - ኣብ'ዚ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ሓላፊ ቀጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት፡ ከምኡ'ውን ሚኒስተር ንግድን ኢንዳስትሪን ኣቶ ነስረዲን መሓመድ-ሳልሕን ተሰኒዩ ዘካየዶ ዑደት፡ ዲጋ ምስሎምን ምስኡ ዝተኣሳሰር ትሕተ-ቕርጻን ፕሮጀክት ሕርሻ ሓልሓለን ተዓዚቡ።

ኣብ'ዚ ዑደት፡ ኣካየዲ ስራሕ ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ሜጀር ክብረኣብ ኣብርሃምን ክኢላታት ናይ'ቲ ኮርፖረሽንን፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ዲጋ ምስሎምን ዝተሃንጸሉ ኣገባብን፡ መጠን ሒዝዎ ዘሎ ማይ፡ ንጥፈታት ፍርያት ጸባን ወጽኢቱን፡ ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ ከባቢ ክዋደድ ተወጢኑ ዘሎ ኣግሮ-ኢንዱስትሪያዊ ንጥፈታትን ተዋዲዱ ዘሎ ትሕተ-ቕርጺ ጾሓያዊ ጸዓትን መብርሂ ሂቦሞ።

ልኡኽ ኢጣልያ ብድሕሪ'ዚ ናብ ኣስመራ ብምምላስ፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ንዝተሃንጸን ካብ ስራሕ ደው ኢሉ ዘሎን ፋብሪካ ጥርሙዝ 'መሬንጊ'፡ ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢ ፊሮቭያ - ዝርከብ ኣብ 1911 ዝተሃንጸ መስመር መንገዲ ባቡር ኤርትራን ኣብኡ ዝርከብ ኣብያተ-ዕዮን ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ብክኢላታት መብርሂ ተዋሂብዎ።

ኣብ'ዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ምስ'ዚ ፍሉይ ልኡኽ ሓቢሮም ዝመጽኡ ኣካየድቲ ክኢላታትን ትካላት ጥዕናዊ ምርምር ኢጣልያ፡ ምስ ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሑሴን ተራኺቦም፡ ኣብ ጽላት ጥዕና ክግበር ብዛዕባ ዝኽእል ምትሕብባርን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ክዘራረቡ ከለው፡ ኣካየድቲ ወከልቲ ሃገራዊ መንገዲ ባቡር ኢጣልያ ድማ - ኣብ ደርፎ፡ ዓርቡ-ረቡዕን ኣካሲትን ንዘሎ መስመራት ባቡር ምድሪ ገስርያታትን ባኺታትን ተዓዚቦም።

ኣብ ሰዓታት ድሕረ-ቐትሪ ድማ፡ ፍሉይ ልኡኽ ኢጣልያ፡ ፋብሪካ ዓለባ 'ዛኡር'ን ኣብ መስርሕ ህንጻት ዝርከብ 'ፕሮጀክት ኣብያተ ኣስመራ'ን ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ብዛዕባ ድሕረ-ባይታኦ፡ ፈጢርዎ ዘሎ ናይ ሸቕለት ዕድላትን ናይ መጻኢ መደባትን፡ ብኣካየድቲ ስራሕ መግለጺ ተዋሂብዎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንጥንታዊ ህንጻ ሲኒማ ኣዝመራ ተዘዋዊሩ ተዓዚቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ንፍሉይ ልኡኽ መንግስቲ ኢጣልያ፡ ብ24 ሰነ ኣብ ሰዓታት ድሕረ-ቐትሪ ኣብ ኣዳራሽ ደንደን ተቐቢሉ ከም ዘዘራረቦ ዝፍለጥ እዩ።



ስእሊ. - ብሶልሕ ዓብደልቓድር



ስእሊ. - ብኣክሊሉ ዘርእዝጊ

# ተሰነይ - 27 ደቂ-ስዉኣት ብሞያ ሰልጢኖም

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ብምትሕብባር ሃማመተኤን 'ጌት' ዝተባህለ ናይ ውልቂ ማእከል ስልጠና ኮምፒዩተርን ብሞያ ክሰልጥኑ ዝጸንሑ 27 ደቂ-ስውኣት፡ ተመረቕም።

እቲ ን3 ኣዋርሕ ብናጻ ዝተዋህበ ስልጠና፡ መባእታዊ ትምህርቲ ኮምፒዩተር፡ ደረቕን ተንቀሳቓስን ስእሊ፡ ከምኡ'ውን ግራፊክስ ዘጠቓለለ ምዃኑ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ መለስ ገብራይ ሓቢሩ።

ወናኒ 'ጌት' ማእከል ስልጠና ኮምፒዩተር መንእሰይ ደቦሳይ መልከ፡ እቲ መደብ - ደቂ-ስውኣትን ካልኦት ጸገማት ወገናትን ብሰንኪ ቁጠባዊ ሕጽረት ካብ ዘሸፍኑ ሞያዊ ትምህርቲ ንከይፀበሹሩ ብምባል ዝተበገሰ ምዃኑ ገሊጹ።

ትካል 'ጌት'፡ ኣቐዲሙ እውን ን40 ደቂ-ስውኣት ተመሳሳሊ ስልጠና ሂቡ ምንባሩ ተፈሊጡ።

ኣብ'ዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስቲ፡ ካብ ወርሓዊ ደሞዞም ዘዋጽእዎ 60 ሽሕ ናቕፋ፡ ን40 ስድራ-ስውኣት ተመቓሪሖ።

ብተመሳሳሊ፡ ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሳዋም ዘዋጽእዎ 25,560 ናቕፋ - ን12 ደቂ-ስውኣት ተኸፊፈሉ።

ካብ ኣመሓዳሪ መምህር ዘርኡ ረዳእ ዕላማ ናይ'ዚ ኣብ 2021 ብተመሃሮ ዝተበገሰ መደብ - ደቂ-ስውኣት ኣብ ትምህርቲ ዘጉብርዎ ወጻኢታት ንምሽፋንን ምትብባዕን ከምዝኾነ ገሊጹ።



# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ትንሳኤ ቁጠባ ደቡብ ኮርያ

ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጃፓን ኣብ መወዳእታ ካልኣይ ውግእ ዓለም ናጻ ዝወጸት ኮርያ፡ ብሸኽ. እቲ ኣብ ዓለም ዝነበረ ክልተ ፖለቲካዊ ደንበ ካብ ሓምሳታት ንደሓር ሰሜንን ደቡብን ተባሂላ ኣብ ክልተ ከም እትመቕሎት ይፍለጥ። እቲ ሰሜናዊ ክፋል፡ ርእሲ ከተማ ፕዮንግያን ገይሩ ኣብ ትሕቲ ዴሳዊ ስርዓት (ኮሙኒስታዊ) ዝመሓደር ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ደቡባዊ ክፋል ከኣ ኣብ ርእሲ ከተማ ሰውል ብስርዓት ቁጠባ ምዕራባውያን ይመሓደር።

ደቡብ ኮርያ ሓንቲ ካብተን ብቑጠባ ዝሓየላ 14 ሃገራት ዓለም ከም ምኳና መጠን ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ብምዕዳም ዋዕላ ኣፍሪቃ - ደቡብ ኮርያ ኣኣንጊዳ ነይራ። ኣብ ሓምሳታት ካብተን ኣዝየን ብቑጠባ ድሒራት ዝበሃላ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘይሓይሸ ቁጠባ ዝነበራ ደቡብ ኮርያ ኣብዚ እዋን ብቑጠባ ካብ ዝማዕበላ ሃገራት ዓለም ሓንቲ ክትከውን በቒዓ ኣላ። ኣብ ሓምሳታት ካብ ናይ ሀይቲ ዘይሓይሸ ቁጠባ ነይሩዋ። "ኣብዚ እዋን በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ምዕባለ ክትበጽሕ ደኣ እንታይ ዓይነት ጻዕሪ ገይራ?" ኢልና ክንሓትት ግቡእ እዩ። ኣብዚ እዋን ጉምጋም ዓመታዊ እቶት ውልቀ-ዜጋኣ ምስ ናይተን ዝማዕበላ ሃገራት ክመጣጠር ዝኽእሉ ናይ ምዕባለ ተኣምራት ክትበጽሕ ዝተወሰዱ ስጉምቲ ክህሉ ኣለዎ። ሓንቲ ሃገር እትምዕብለሉ ኣገባብ ከምዝለዎ ናብ ካልእ ሃገር ተቐዲሓ ይሰርሕ ማለት ግና ኣይኮነን።

ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ዝተፈላለያ ሃገራት ኾነቱ ናይ ምዕባለ ይኹን ናይ ድሕረት መበገሲ ኣለዎ። ኣብ ሓምሳታት ብዘይካ ድሕረ ኣገባብ ሕርሻ ካልእ ናይ ቁጠባ ማሰረት ዘይነበራ ደቡብ ኮርያ፡ ንሓያሎ ዓመታት ብዘይምቑራጽ ሓደ ኣንፈት ሓዙ ዝዘረ ቁጠባዊ ዕቤት ከተብግስ ዘኽኣላ ንወሩቡ ርእይቶ ኣብ ክልተ ዝመቐለ ኣዛረቢ ሓሳባት ኣሎ።

በቲ ሓደ ኣብ ውድድር ዕዳጋ ዝተማስረተ ቁጠባን ዘፈጠሮ ምትህልላኻትን ናይ ዕቤት መንገዲ ከም ዝጸረገ ዘረድኡ ኣለዉ። ካልኦት ከኣ ድሕሪ ምምስራት ደቡብ ኮርያ ንሰላሳ ዓመት መንግስቲ ዘቖጸ ጽኑዕ ቀጽጽር ዕዳጋ ዝፈጠሮ ናይ ንግዲን ስራሕን ዲሲፕሊን ንዕቤት እታ ሃገር መዝሪ ከም ዝኾነ ይገልጹ።

እዘን ዝተጠቕሳ ክልተ ነጥብታት ቀንዲ ረቛሒታት ዕቤት እንተዝኾና ነይረን ከም ቀመር (ፎርሙላ) ወሲድካ ምፍታን ምተኻእለ ነይሩ። ግና ካልእ ኣጉዳሲ ብኻልእ ክቕዳሕ ዘይክኣል ታሪኻዊ ረቛሒታት ኣሎ።

ደቡብ ኮርያ፡ ክሳዕ ምዝዛም ካልኣይ ውግእ ዓለም ንኣስታት 35 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ መግዛእቲ ጃፓን እያ ነይራ። ደቡብ ኮርያውያን እቲ መግዛእቲ ሕሰም ከም ዝነበረ እዮም ዝዝክርዎ። ዝተፈላለዩ ቋንቋን ባህልን ታሪኽን ዘለዎ ህዝብታት ከም ማይን ጸጦን ክተሓዋወስ ኣይክእልን ነይሩ።

ጃፓን ግና ኑታ ሃገር ከም ሓንቲ ካብ ዞባታታ ገይራ ተመሓድራ ስለ ዝነበረት ዝበደልቶ ባህሊ ምሕደራ ንግድን ሕርሻን መንግስታዊ ኣካይዳን በቲ

ቅርጺ መንግስቲ ወፉይን ህርኩትን ኮርያዊ ክፍጠር ሓጊዙ እዩ። ባህሊ ንግዳዊ ሕርሻን ኣገባብ ምሕደራ ዕዳጋን እውን ብዘበርኦ ኣንፈት ቀጺሉ።

ሃገራት ኤውሮጳ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣፍሪቃ ክወጻ እንከለዋ፡ ትሕቲ ቅርጺ



ውግእ ዓጽዩ ክበሃል ኣይክኣልን።

ጃፓን ካብ ደቡብ ኮርያ ክትሰጎጉ እንከላ ዝበደፈቶ ትሕተ ቅርጺ ከም ዘለዎ ገዲፋቶ እኳ እንተነበረት፡ በቲ ድሒሩ ኣብ መንጎ ክልተ ኮርያታት ዝተወለዐ ኩናት ከም እተደምሰሰ ይፍለጥ። ባዕዳዊ መግዛእቲ ጃፓን ዘበርከቶ ተራ ጠረሱ ከም ዝዓወን ደቡብ ኮርያ 'ብተኣምራት' ከም ዝተንሰኣትን ገይሮም ዝትንትኑ ኸኣ ኣለዉ።

ምዕሩይ ሓበሬታ ክንረክብ ግና ብሞያዊ ኣረኣእያ ክውሰድ ዝበለጸ ይኸውን። ጃፓን ኣሸሓት ሲቪል ጃፓናውያን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ገይራ ንደቡብ ኮርያ ተመሓድር ስለ ዝነበረት፡ ድሕሪ ናጽነት እቲ ሓያል

ይኹን ባህሊ ምሕደራ ወይ ዝተማህረ ሓይሊ ሰብ እውን ኣይገደፉን። እተን ናጻ ወጺኣን ዝተባህላ ሃገራት ካብ ናይ ልቓሕ ትኣቦ ከምዝይወጻ ተገይሩ።

ኣብ ጃፓን ውሕስነት መግቢ ምእንቲ ክረጋገጽ፡ ኣብ ኮርያ ዝፈረየ ኣእካል ብፍላይ ሩዝ ብሰደድ ይለኣኽ ነይሩ። በቲ ናይ ሽው ዓቕሚ ምህርቲ ንምኽዕባት ዝግበር ሜላታት እናተኣታተወ ሓረስቶት ኮርያ ዘመናዊ ንግዳዊ ሕርሻ ክለማመዱን ከም ባህሊ ክሕዝዎን ኣኽኢሉ እዩ።

ኣብተን ውሑዳት ዓመታት፡ ጃፓን ናይ ምዕራባውያን ሕግታት ብምትእትታው ማእከላይ ደርቢ ዘለዎ ናይ ንግዲ ማሕበረሰብ ክምዕበል ኣኺኢላ ነይራ። ድሕረ ኣብታዊ ስርዓት ገጠርን ዋንነት መሬትን ብምድልዳል እውን ዘመናውነት ዘትሕዝ ቅርጺ ተገይሩሉ ነይሩ። ጃፓን ኣብ 1945 ካብ ኮርያ ክትወጽእ እንከላ ብዙሒ ኮርያውያን ተማሂሮ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን በጺሖ ነይሩ። ስለዚ ብሕርሻ ብኢንዱስትሪን ህንጻት ሃገርን ምሕደራ መንግስትን ዝመርሑ ክኢላታ ዝፈጠረ ዓንዲ-ሕቖ ዝተማህረ ህዝቢ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ብርግጽ እቲ ንሰለስተ ዓመት ዝቐጸለ ውግእ ልዕሊ 3 ሚልዮን ህዝቢ ቀቲሉ፤ ንከተማታት ከኣ ናብ ከምራ ዑናታት ስለ ዝቐየረ እታ ሃገር ብቑጠባ ትሕቲ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃ ወዲቓ ነይራ ክትከውን ትኽእል እያ።

ጃፓን ኣብ ግዜ መግዛእታዊ ስርዓት ከይተባዕ ትደቐሶ ዝነበረት ጸላት ኢንዱስትሪ ደቡብ ኮርያ ድሕሪ ናጽነት ክተብራብሮ ክኢላ እያ። ኣብ ደቡብ ኮርያ ዝነበረ ሕሰር ዓያዩ ጉልበት ናይ ወጻእተኛታት ትካላት ዝዕድም ስለ ዝነበረ ሓያሎ ኣውፈርቲ ኣብታ ሃገር ኣትየም፡ ናይ ሸቐጥ ፍርያት ከፍርዩ ጀሚሮም። ጃፓናውያን ርእሰማላውያን እውን ናብ ደቡብ ኮርያ ኣትየም ንቑጠብ'ታ ሃገር ከዕምሩዋ ክኢሎም እዮም። ጃፓን ናይ ኮርያ ሸቐጣት ንምድቃስ ብጃፓናውያን ትካላት ዝተሰዐ ተወዳዳርነቱ ዝለዓለ ክኸውን ትጽዕር ምንባሩ ዝገልጹ ኣለዉ። እዚ ምትህልላኻት ንዕቤትን ምሕያል ተወዳዳርነትን ክጠቅም ይኽእል። ሽዑ ዝፈሓሑን ካብ ኮርያ ወጺኢ ናብ ካልእ ሃገራት ዓለም ዝዝርግሑን ኣዝዮም ዓበይቲ ኩባንያታት ከም እተፈጥሩ ጸብጻባት የረድኡ።

## ሰብዓ ዓመት ዘቑጸረ ግዝያዊ ምቁራጽ ተኹሲ

ውግእ ኮርያ ክሃድእ እንከሎ፡ እታ ሃገር ኣብ ክልተ ተመቒላ እቲ ደቡባዊ ክፋል ኣብ ትሕቲ ምዕራባዊ ስርዓት ቁጠባ ዝመሓደር ስለ ዝነበረ፡ ካብ ሰሜን ክመጽእ ንዝኽእል ወራር ንምክልኻል ብዙሕ ምኽንያት ወተሃደራዊ መዓስከር ኣመሪካ ተተኺሉ። ኑቲ ክብራብር ዝጀመረ ኢንዱስትሪያዊ ስውራ ድማ ካብ ኣመሪካ ብዙሕ ምትብባዕ እናተጉበረለ፡ ናይ ደቡብ ኮርያ መለለዩ ዝኾነ ፍርያት ኢንዱስትሪ ንዓለም ከቕርብ ክኢሉ።

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ዝነበረ ዴሳዊ ስርዓት ናብ ደቡብ ከይልሕም ከቢድ ስግኣት ነበረ። ካብ ኣመሪካ ዝተረኸበ ዘይተኣደነ ፖለቲካዊ ሓገዙ ጸርግያታትን ድልድላትን ወደባትን ኩሉ ኣድላዪ ትሕተ-ቅርጺ ስለ ዝተሃንጸሉ፡ ደቡብ ኮርያ ንኣውፈርቲ ጥጥሕትን ተደላይትን ገይሩዋ። ኣብ መንጎ ክልቲኣን ኮርያታት ዝነበረ ውግእ ምስ ሃድአ፡ ኣብ ደቡብ ኮርያ ዝተማስረተ ብምዕራባውያን ዝድገፍ ድልዱል ወተሃደራዊ መንግስቲ ኣብ ምርግጋእን ምህናጽን ዓቢ ተራ ኣበርኪቱ እዩ።

ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብቂዑ፡ መግዛእቲ ጃፓን ካብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ምስ ለቐቐ፡ እቲ ሰሜናዊ ክፋል ኮርያ ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ሕብረት ሶቭየት፡ ደቡብ ድማ ኣብ ትሕቲ ኣመሪካ ኣትዩ ነበረ። ሰሜንን ደቡብን ተባሂሉ ድማ ኣብ ጋድማዊ ዕጥቕ መሬት መስመር፡ ተመቒሉን ክልተ መንግስታት ተማስረተን። ምስ ሰራዊት ቻይና ተሰሊፎም ኣንጻር ጃፓን ክዋግኡ ዝጸንሑ ኮርያውያን ብኮሙኒስታዊ ክልሰ ሓሳብ ተጠርኒፎም ኣብ 1948 'ሰራዊት ህዝቢ ኮርያ' ዝበሃል ወተሃደራዊ ውድብ ኣቕሚሞም ነበሩ። ልዕሊ 200 ሽሕ ብኣማኸርቲ ሶቭየት ዝተዓለመ ሰራዊት ኣንቀሳቒሶም ከኣ ንምልእቲ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ንምጥቕላል ኣብ ሰነ 1950 ካብ ሰሜን መጥቃዕቲ ፈነዉ። ኣብ ደቡብ ዝጸንሐ ናይ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ሰራዊት ከኣ ኣብ ጸቢብ ተኾርደዩ።

ኣመሪካ፡ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣተሓባቢራ ካብ ሓያሎ ሃገራት ዝተዋጽአ ሰራዊት ናብ ደቡብ ኮርያ ልኢኻ፡ ኑቲ ሰራዊት ዝመርሕ ዝነበረ ጀነራል ማክ ኣርተር፡ ብበሕሪ ኣኳሊሙ ብዙሕ ሰራዊት ኣብ ወደብ ኢንቾን ምስ ኣራገፈ ብድሕሪት ከም እተኸበ ዝተረደአ ህዝባዊ ሰራዊት ኮርያ ንሸነኽ ሰሜን ክሳብ ፈለግ ያሉ ዝበጽሕ ተሳሕበ።

ሰራዊት ሃገራት ምዕራብ ንምልእቲ ኮርያ ዝቈጻጸራ ስለ ዝመሰለ ድማ፡ ቻይና ሰራዊታ ከም ጋሻ ውሕጅ ናብ ኮርያ ፈንያ ኑቲ ብኣመራጋ ዝምራሕ ሰራዊት ውድብ ሕቡራት እናኾብኮበት ንደቡብ ኣስተኹተየቶ።

ኣብ ጸቢብ ርሕቀት ድፋዕ ተፋጢጦም እንከለዉ ዝተፈተነ ልዝብ ከኣ ይፈሸል ነበረ። ኣዛዚ ሰራዊት ኣመሪካ፡ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ብምልእታ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ዴሳት (ኮሚኒስት) ካብ እትወድቕ ኣቶማዊ ቦምብ ንኽጥቀሙ መጻናዕቲ የካይዱ ምንባሮም ሓበሬታ ወጺኡ። ሽዑ ንዓለም ዘቕይር ሓደገኛ ማዛዘ ምተኸሰተ፡ ምኽንያቱ ክኢላታት ሩሲያ እውን ለይትን መዓልትን እናጸዓቱ ኑቲ ኣጸናኒቲ ቦምብ ሰራሓሞ ስለዝነበሩ።

ኣብ 1950'ታት ኣብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ዝወደቐ ብዙሒ ቦምባታት፡ ኣብ ታሪኽ ዓለም ኣብ ጸቢብ ቦታ ብብዝሒ ዝወደቐ ክብሪ ወሰን ሓዙ ኣሎ። መብዝሕትኣን ከተማታት ሰሜን ኮርያ ህንጻታተን ብሸበድ ብረት ብምዕናዉ ናብ ሉጣ ጎልጎል ከምእተቐየራ እዩ ዝዝንጎ። እቲ ውግእ ክሃድእ እንከሎ፡ ብኽልቲኡ ወገን ኣስታት 3 ሚልዮን ህዝቢ ተኾሲሰ ነበረ።

ኣብ መወዳእታ ግና ኣብ ኑሓሰ 1953 ግዝያዊ ናይ ተኹሲ ምቁራጽ ተገይሩ። ሓውሲ ደሴት ኮርያ ድማ ኣብ ክልተ ክትምቀል ተወሲኑ። ክሳብ ሕጂ ቀዋሚ ናይ ሰላም ውዕል ስለ ዘይተገብረ ኣብ ውግእ ከምዘለዋ እዩ ዝቑጸር።

ኣብ ደቡብ ኮርያ ዝፈሰሰ ናይ ቁጠባ ልቓሕን ሓገዝን ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን። ብሽብሪ ወሰን ጥርዚ ዝበጽሕ ዝነበረ ልቓሕ በልዮናት ዶላራት ብምሕረት እናተሰረዘ ኑታ ሃገር ብቑጠባ ክትድልደል ሓጊዙዋ እዩ። ፍቕሪ ስራሕን ዲሲፕሊንን ህዝቢ ሰረት ዝሰደደ ባህሊ ብምኻኑ፡ ገለ ረቛሒ ካብቲ ተኣምራታዊ ቁጠባ ዝፈጠረ ሓይሊ ምኻኑ'ውን ይእመነሉ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247


ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊስ 125013 - ቊሳጳ 1284



# ዳዬሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ልበይ ድዩ ጸቢቡካ!

*31 ታሕሳስ 2023*

*11:30 ድ.ቐ. - ከረን*



ፍቕሪ! ፍቕሪ! ፍቕሪ! ፍቕሪ! ፍቕሪ ከመይ ገይሩ ህይወቶም ይቈጻጸሮ ኣሎ ይገርመኒ'ዩ። ምስ ኣዕሩኽተይ፡ ፍርቂ ዕላልና ብዛዕባ ፍቕርን ምስ ኣዋልድ ዘለና ዝምድናን እዩ። ኵሎም ኣፎም ዘዝሃቦም ይዛረቡም። ፍቕሪ ካብቲ ዘንቡብክዎን ዝሰማዕክዎን ተበጊሰ ዝርደኣኒ ነገር ኣለዎ። ብፍላይ እዞም ዘፍቀሩ ኣዕሩኽተይ፡ ካብቲ ክኸድዎ ዝግባእ መስመር ዝወጽኡሉ እዋን ክዝክር እንከለኹ ይገርመኒ'ዩ። ፍቕሪ ከምቲ ዝብልዎ ጥዑም ዘይኰነ ከም ሓሺሽ ዘጸልል ክኸውን ኣለዎ።

ኣነኸ እንታይ ኰይነ ዘየፍቅር? ፍቕሪ ከምቲ ዝብልዎ ጐፍታ እንተ ኾይኑ እታ ንኽዳ ቦታ፡ ንመሃራ፡ ንኽደና፡ ንበልዓን ንሰትያን ሓንቲ'ያ። ንዓይ ከመይ ኣቢሉ ዘይሕዘኒ ኣይርደኣንን። ብሓቂ ሎሚ "ጠዓሞ-ጠዓሞ" ዝብል ስምዒት ይወረኒ ኣሎ። እቲ ሓቀኛ ምስክርነት ከይጠዓምካ ክርኩብ ዝከኣል ኣይኰነን። እንተወሓደ ነዞም ኣዕሩኽይ ከማኽርዎም እንከለኹ፡ ንስምዒታቶም ተረዲአ ብዝቐለለ ከረድኦም እኳ ምሓገዘኒ። "ድሓን ንስኻስ ትም በል! ንዓኻ ኣይርደኣካን እዩ፡" ክብሉ ጦቕ ኣቢሎሙኒ ዘለው። ኣታ ገሊኦም ዘምርሩኻ፡ ገሊኦም ከኣ ዝናፍቑኻ 'ፍቕሪ' ኣይርኣየካን ድየ ዘለኹ። ወይስ ልበይ'ያ ጸቢባትካ! ኣነ ዘየፍቅረሉ ኣብነት እንታይ'ዩ። ተሓዋዊስኒኮ...! ኣረ ግድን ድየ ከፍቅር ዘለኒ? ወይ'ቲ ጉደይ!

መቸም ምፍታን ዘመስልዎ የለን። ክፍትን ኢለ ነታ ኵሎም ዝፈርሕዋ ጓል ክፍልና ንዕርክነት ክሓታ ነቒለ። መልኣኽ ዝድፈር ኣይኰነን። ከምኡ እንተ ዘይትኸውን ክፍልና 15 ኣወዳት ኣለው፡ እንተወሓደ እቶም ዓሰርተ ምሓተትዋ። ኣነ ዘሕምም የብለይን። ሓቲተያ ረጊጻትኒ ከይትኸይድ ኢለ ኣይፈርሕን'የ። ንዘበዛሕና ሰላም ኣይትብለናን እያ።

መቸም ሓደ ረፍዲ፡ "ብፍቕራ እምበር ተጀላዕኩ፡" በልኩዎም ንኣዕሩኽይ ተማዊተ ሓቂ ከምስል እናጸዋርኩ።

"መዓልቲ ኣለዎ ኣይበልናካን... ኪድ በል ሕጂ ሰሓና፡" ኢሎም ስሒቖም። ኣሚኖሙኒ፣ ንፋዕ ተዋሳኣይ'የ ማለት'ዩ ኢለ ሓሲበ። ካብ ምውሳእ ንላዕሊ ግን ክኣምኑኒ ካብ ከኣሉ ተግባራት ፍቕሪ ፈሊጠዮ'የ ኢለ ተተባባዕኩ። እንታይ ደኣ'ሞ ክገብር፣ ከምኡ ገይረ መእተዊ እንተ ረኸብኩሉ። ኣብ መደቀሲና ብዙሕ ኣገባብ ኣተሓትታ፡ ጥዑማት ቃላት፡ ክዳን፡ ጨና፡ ብሓይሊ ዘብቈልናዮ ፍዮሪ ከይተረፈ ተቐንጢቡ ተዳልዩ። ናይ "ማይክሮ-ባዮሎጂ" መጽናዕቲ ኣዝዩ ዘሕመኒ። ነዛ ፈተና ክብል ዓቢረ'የ ቀንየ። እዚ ናይ ፍቕሪ ተዋስኦይ መዛነዪ ኰይኑኒ። "ሻወር" ካምፓስና ንግሆ እንተ ዘይረኺብካ'ያ የላን። ከም "ማይ-ጨሎት" ንግሆ ሰዓት 6:30 ኣተንሲኦም፡ እቲ ብዛሕሊ ዝተረረ ማይ ኣብ ርእሰይ እናኣንኳዓኒ ተሓጺበ፣ ብጥዑም ሳምና'ኳ ደኣ። ንዘፍቀረ ከምዚ ምሽብሻብ የድልዮ እንተ ኾይኑ፡ ኣዕሩኽተይ ይብድሎም'የ ነይረ። ቅሳነት! እዚ ኵሉ ንዓኺ'ዩ። ፍቕሪ ጀላዕ! እዚ ኵሉ ንዓኻ'ዩ።

ንግሆ ቍሪ እንተ ሃልዩ ቅሳነት እታ ቈቢዕ ዘላታ ጕልፎኣ ገይራ'ያ ትመጽእ። ከምዚ ናተይ ናብ ፍቕሪ ትኸይድ እንተ ትህሉ ነይራ፡ ከምዚ ተኸዲና ኣይምመጽአትን ነይራ። ፍዮረይ ሒዘ ናብቲ ቅሳነት ኣሳፊሓትሉ ዝነበረት ሳዕሪ ገጸይ ከይደ። ኵሎም ጀምዓ ከም ፊልም ይዕዘቡኒ ከም ዘለው እፈልጥ እየ። ሰገጥ ኣይበልኩን። ኣብ ቅድሚኣ ከይደ ኣብ ፈርሲ ዳንጋይ ኮፍ ኢለ ፍሽኽ ኢለያ። እቲ እሱር ገጻ ፍሽኽታ ዘውጽእ ኣይመስለንን ነይሩ፣ ግን ረኺበ። ሙዚቃ ትሰምዓሉ ዝነበረት መስምዒ "ኢር-ፎን" ካብ እዝና ኣውጺኣ ናይ ንግሆ ሰላምታ ሃበትኒ። ስሓቕ ክሞልቀኒ ይደሊ ነይሩ። መእተዊ እንተ ኾነኒ ስለምንታይ በይና ከም ዝኾነት ሓቲተያ።

"በይነይ ምኻን ኣጸልእን'የ።"

"እሞ በይንኺ ክገድፈኪ ኣለኒ ማለት ድዩ፡" ኢለያ ዓይኒ ዓይና እናረኣኹ።

"ኖእ ብሓፈሻኡ'የ እምበር ኪደለይ ማለት ኣይኰንኩን፡" ኢላትኒ ስሓቐት። እንታይ ትሰምዕ ከም ዝጸነሐት ሓቲተያ። ኣነ ዘድልየኒ ነዊሕ ግዜ ምስኣ ኣዕሊለ ምኻድ። ዝርርብና ብዘይካ ክልቴና ዝፈልጦ መንዶ ኣሎ'ዩ። ዝሓተትክዋ ሕቶ ክትምልሰለይ ኣይደለየትን። "ኤር-ፎን" ኣቐሪባትለይ። ምስኣ ሮፋዕ ኢላ እዝነይ እንተ ጸለኹ፤

*"...ፍቕሪ ብዕድል እንተ ኾይኑ*

*ሕማቕ ዕድል ድዩ ዘማኑ*

*ዕድል 'ተኾይኑ ፍቕሪ*

*ጸሎተይ ስማዕ ፈጣሪ*

*ኣበይ ኣላ 'ታ ናተይ ምቕሊ*

*ፍቕሪ ተቓምት ብልቢ...፡"*

እትብል ደርፊ! ስሓቐይ ምቍጽጻር ስኢነ። ክሳብ ዝነብዕ ስሒቐ። ስርሐይ ዘበለ ኵሉ ኣስሒቑኒ። ቅሳነት መጀመርታ ተሓዋዊስዋ፣ ጸኒሓ ምሳይ ስሒቓ።

"እዋይ እዚ ፍቕሪ ዝብልዎ ከመይ ዝበለ'ዩ። ሓደ ነገር እንተ ነገርኩኺ ትቕየምለይ ዲኺ?" ኢለያ ዝኾነ ከይሓሰብኩ።

"ክንዲ እቲ ዘስሓቕካኒ ኣይከውንን እዩ..." ኢላ ከም ዘይትቕየመለይ ኣረጋጊጻትለይ። ዝሓሰብኩዎን ዝገበርክዎን፣ ምስ ኣዕሩኽይ ዝተማያየጥክዎ፣ እታ ፍዮሪ ንዓኣ ምኻና፣ ኣብ ፍቕሪ ዘለኒ ስምዒታተይ ከይሓባእኩ ነጊረያ። ቀልጢፋ'ያ ተረዲኣትኒ። ስሓቕ ጥራይ ኰይና። እቶም ኣዕሩኽይ ተሓቢኦምሉ ዘለው ሓቢአ ምስ ኣርኣኽዋ ብስሓቕ ክትመተኒ'ያ ደልያ። ኣንታ ክንደይ ጽቡቕ ሰብ'ዩ ብማዕዶ ዝጽላእ ዘሎ። እዚ ስሓቓስ መድሃኒት'ኳ'ዩ። ደጋጊምካ እንተ ተስሒቓ። ኣሻብና ሓንቲ ተዋስኦ ክንሰርሕ ተሰማሚዕና። ብሓንሳእ ተሲእና፣ ሒዘላ ዝመጻእኩ ፍዮሪ ብኽብሪ ተቐቢላ ሓቝፋትኒ። ኣብ ሞንኩበይ ኰይና ግን ኣዕሩኽይ ዝገብርዎ ትርእዮም ነበረት። ንሳ'ውን ከማይ፤

*"...ጐይታ ፍቕሪ ዕድለይ'ንዶ ሃበኒ*

*ጐይታ ፍቕሪ ትምኒተይ'ንዶ ኣርእየኒ..."*

ክትብል እያ ጸኒሓ። ሓድሽ ዓመት ብሓደ ከነምሲ ተሰማሚዕና፣ ፐርከ ክልተና፡ 'ፍቕሪ' ዝጐሰየና ዶ ኣይኰናን!? ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ናብ ክፍልና ኣተና። ኵሉ ሰብ ከም ጅግና ፍቕሪ ቈጺሩኒ። ፍቕሪ ኣበይ ክቐርበኒ ኢሉ!። ምስ ቅሳነት ብሓደ ክንከይድ እምበር፡ ካልእ ዝወዳእናዮ ነገር የለን። እንተ ኣነ ነታ ደርፊ ብውሽጠይ ቀጸልኩዋ፤

*"...መዓልቲ ኣለዎ ንኹሉ*


*እናበሉ ክእብዱኒ*

*ይዝንብየ ኣለኹ ህይወት*

*መዓልቦይ ጠፊኡኒ...."*

**ምሉእ ተስፋይ**

## ጽምብላሊዐይ ሞሊቓትኒ!



*05 ታሕሳስ 2011*

*9:30 ድ.ቐ.*



ኣይትፍራሕ መንፈሰይ!

ኣይትሸገር ሕልናይ!

ኣይትፍርሓዮ ጽምዋ!

ኣይትፍርሓዮ ናፍቖት!

ኣይትፍርሓዮ ትዝታ!

ኣይጽለሉን'የ ኣይሓመሉን'የ። ክኽእሎ'የ፣ ክወጽኦ'የ።

እዋይ ናይ ሰብ ነገር። ልበይ ኣብ ዝኸደቶ መገሻኣ ቈሪራ ክትሸቍረር ክረኣየኒ ስለ ዝቐነየ፡ ስኽፍክፍ ክብለኒ ወሪሑ። ዋይ ልበይ! ከም ሰባ ኰይና። ስክፍታይ፡ ንመንፈሰይ ረቢሹዎ። "ብስመ ኣብ..." እናበልኩ ነቲ ሰይጣን ሓሳብን ፍርሕን ከፍርሖ ሓሲበ፣ ከምኡ'የ ለሚደ። ኣይኰነለይን ግን። ሻቕሎተይ ጋህዲ ኰይኑ። ኣቲ ልበይ ሕማቕ ፋልዶ ገይረልኪ'የ... ኣየይ!

እህህታ መጺእካኒ'ምበኣር! ጸዋግ ገጸይ፡ ምስ ውሽጠይ ተመሳሲልካ'ምበኣር!። ኣብ እትዝንብየሉ ዕንበባ ንዓመት ብትዕግስቲ ቈይመ፡ ኣብ ኢደይ ምዕላብ ዘላመድክዋ ጽምብላሊዕ... ልበይ ሒዛ ዝነፈርት ጽምብላሊዕ'ወ! ኣብ ጕምቦ ኢደይ ከም ማይ ኣዕቍረያ። ብንፋስን ጸሓይን ሕብራ ከይድወን፡ ብርህራሀይን ትዕግስተይን ተኸላኺለላ። ግምቦ ኢደይ ቤታ ኰይኑ። ሳዕሲዓትሉ፡ ስሒቓትሉ፡ ነቢዓትሉ፡ ልባ ኣውዲቓ ኣስተማቒራቶ። ብንባብ ጕምቦ ኢደይ ዝፈልጦ ጸወታኣ፣ ብለመምታ ኣእጋራ ዝፈልጦ ኣንፈታ፣ ብኣላዕላ መንገብገባ ዝፈልጦ ኹራኣ፣ ብኣዋድቓ ልባ ዝፈልጦ እንከለኹ ፍቕራ፡ ነውጺ ውሽጣ ከመይ ገይሩ ክጠፍኣኒ። እንታይከ ዘየሻቕል ኣለካ መንፈሰይ! ዝርጋን መንፈሰይ ንኣፍደገታት ጕምቦ ኢደይ ከም ዝኽደን ገይርዎ። ኣነ'ሞ መዓስ የኽእለኒ ኰይኑ። ንፋስ ክህባ ንእሸተይ ከፊተላ። ጽምብላሊዐይ ኣብ ቀረባ ጸኒሓ፣ በሪራ-ተሸሪባ። በቃ ንበይነይ!

ሰለስተ ዓመት ዝገበረ ተኽሊ ፍቕሪ ከብዕለሉ ብህርፋን ናብኡ ገይሸ። ዘይከም ባህገይ ሞቱ'የ ተረዲኡ። (5 ሕዳር)፡ ኣቲ ዕለት ንስኺኸ መጀመርታን መወዳእታን ናይታ ዓንኬልና ምንባርኪ ዘይምነገርክኒ። ጽምዋ ክጠማጠመኒ ጀሚሩ። ኣብ ጭው ዝበለ ማእከል ባሕሪ በይነይ ኣብ ንእሽቶ መንሳፈፊ መንኰርኰር ተኾይጠ ዘለኹ ኰይኑ ይስመዓኒ ኣሎ። ሰብ ጸሊኡ፡ በይነይ ምኻን ጸሊኡ፡ ዓቕሊ ምግባር ስኢነ፡ በቃ ደገ-ደገ። ኣብ ገዛይ'ኳ ኮፍ ዘየብል ሒዙኒ። መግቢ ክበልዕ ከም ዘለኒ እናፈለጥኩ፡ በየን ገጹ ግን ክወርደለይ። ጸጽኒሐ ኣዕሚቑ ኣስተንፍስ ጥራይ፣ ዘዝመጽኣኒ ሓሳብ ናብ ንብዓት እናድሃበለይ። ኣብ ዕሙር ስሓቕ ዘለዎ ዕላል ኣዕሩኽተይ ኣዒንተይ ንብዓት ይቓጽሩ። ጉድ'ምበር ረኺበ።

ሓቀም'ዮም 'ፍቕሪ የለን' ክብሉ። መርገጽየይ'ኳ ሓዋዊሰዮ። ክላእ! ኦሮማይ! ተቐበሎ ነብሰይ። ክኣሎ...! ንመን ደኣ ክህቦ ክኽእሎ'የ እምበር። ግዜ ሂበ፡ ምስ ግዜ ከም ዝበነለይ እፈልጥ እየ። ክገብራ ግን ዓቕብያ። እዋይ ጽምዋ!

**ሰለማዊ**



*14 ሚያዝያ 2024*

*10:10 ቅ.ቐ.*

"ዓሻ ዘረባ ካብ ቀረባ፣ ዘረባ ልቦና ኸኣ ካብ ማዕሙቕና እዩ፡" በለ መምህርና። ጸኒሑ ኸኣ "ይመስለኒ" መሊኡ። እዋእ! ሓዲኡ'ባ ሓዙ መምህርና።

ክንዲ ግዛዕ ዝኸውን ዘረባ ዱብ ኣቢሉስ፡ "ይመስለኒ፡" ዝብል ሰብ ይገርመኒ'ዩ።

ካብኡ ዝገደደ ኸኣ ክንዲ ግዛዕ ዝኸውን ዘረባ ዱብ ኣቢሉ፡ "መሊቑኒ፡" ይብለካ፣ ኣንታ መዓረይ፡ ሚንታዶ ማስቲካ ኹይኑ ሸተት ዝብለካ ደኣ፡ ክንዲ ገለ ዝኸውን ደንጎላ'ኮ'ዩ፣ ዝመልሑቕ ኣይኰነን።

**ብሌን ግርማይ**

# ጾጋታት ባሕሪ

## ውሁድ መፍረ ዓሳታትን ኣሕምልትን

ንያት ኪዳነ

ንጥፈት ምግፋፍ ዓሳ ሓደ ካብ'ቶም ንዕቤት ማሕበረ-ቁጠባዊ ረብሓታት፣ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢን ምፍጣር ዕድላት ሸቐለትን ገማዒ ሕብረተሰብ ኣገዳስቲ እዩ። ዓሳ ልዑል መጠን ፕሮቲን ከምኡ'ውን ኦሜጋ-ሰለስተ ስብሒ ዝሎዎ ኮይኑ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከም ወቓዒ-ልብን ጸቕጢ ደምን ካልኦትን ይከላኸል። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ትሕዝቶ ጸጋታት ዓሳ ወቕያኖሳትን ባሕርታትን ብሰንኪ ዘይተለማማዲ ግፋ ዓሳ ኣብ ኣሰካፊ ኩነታት ይርከብ። ዚ ብምግንዛብ እምበኣር፣ ካብ ባሕርታት ወጻኢ ዓሳ ዝርከበሉ ኣገባብ ምንዳይ ግድን ይኸውን። ሕርሻ-ማይ ሓደ መገዲ ከም መተካእታ ካብ ባሕሪ ዝግፈፍ ዓሳ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ሕርሻ-ማይ ማለት ምፍራይ ዓሳታት ኣብ ጥዑም-ማይን ባሕርን ኲይኑ ማያዊ ህወታውያን ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣትክልቲ ኣብ ሓደ ስርዓት ብምውህሃድ ኣብ ትሕቲ ክትትል ደቂ-ሰብ ዝካየድ ንጥፈት እዩ። ብመሰረት ወጽኢት መጽናዕቲ ውድብ መግብን ሕርሻን (FAO) ካብ ሕርሻ-ማይን ካብ ባሕሪ ዝግፈፉ ዓሳታትን ዝርከብ ምህርቲ ዓሳታት እናተመጣጠነ ይመጽእ ከም ዘሎ ይሕበር።

ኣኳፖኒክስ ሓደ ስርዓት ናይ ሕርሻ-ማይ ኮይኑ፣ ኣብ ሓደ እዋን ዓሳታትን ኣሕምልትን ከፍሪ ዝኽእል ንጥፈት እዩ። ማስርሕ ምፍራይ ዓሳታትን ኣሕምልትን ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ዝተወሰነ ቦታ "ውሁድ መፍረ ዓሳታትን ኣሕምልትን ወይ ኣኳፖኒክስ" ይበሃል። እዚ ስርዓት ክልተ ክፋላት የጠቓልል። ንሳተም ከኣ ዳግመ ዑደት ማይ ሕርሻ-ማይን (recirculating aquaculture system) ሃይድሮፖኒክስን እዮም። ዳግመ ዑደት ማይ ሕርሻ-ማይን እምበኣር ሓደ ካብ'ቶም ናይ ሕርሻ-ማይ ዓይነታት ኮይኑ፣ ኣብ ማስርሕ ዝጸንሐ ማይ እናጻረየ ዳግመ ዑደት ብምክያድ ይሰርሕ። ሃይድሮፖኒክ (ብውሑድ ሓመድን ብዘጸረ ዑደት ናይ ማይን) ድማ ሓደ ካብ ዓይነታት ስነ-ሕርሻ ኮይኑ፣ ውሑድ መጠን ሓመድ ብምጥቃም ፍርያት ኣሕምልቲ ክርከቦ ዝኽእል ንጥፈት እዩ። እቶት ናይ ኣኳፖኒክስ ብወቕቲ ዘይጸሉ፣ ሰፊሕ ቦታ ዘይሓትትን ከምኡ'ውን ኣብ ድኹም ሓመድ ክተየድ ዝኽእል ብምዃኑ ኣርባሒን ተመራጽን ይገብሮ።

ገለ ካብ ኣኳፖኒክስ ንምጅማር ዘድልዩ ነገራት ንምጥቃስ ጋብላታት፣ ጽሩይ ማይ፣ ትቦታት ኣየርን ማይን፣ ዓሳ ጥዑም-ማይ፣ መግቢ ዓሳ፣ ዘርኢ ኣሕምልትን መጻረዪታትን እዮም። ምጅማር ኣኳፖኒክስ ኣብ ፈለማ እዋን ወጻኢታት ዝጠልብ'ኳ እንተኾነ ጸሊሑ ግን ዘሎ-ሓስ እቶት ዝርከቦ ዕዮ እዩ። ማስርሕ ስርዓት ኣኳፖኒክስ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይጸዪ። መጀመርታ ኣብ ዳግመ ዑደት ማይ ሕርሻ-ማይን ዘለዉ ዓሳታት መግቢ ድሕሪ ምምጋብ ዝሰደዎ ቀልቀልን ኣሞንያን ናብ'ቲ ጋብላ ዘሎ ማይ ይሕወስ። እዞም ባኢታታት ንዓሳታት ሓደገኛታት ስለ ዝኾኑ ብኽልተ መስርሕ ምጽራይ ክሓልፉ ይግባእ። እቲ ቀዳማይ መስርሕ መኻኒካዊ ምጽራይ ቀልቀል ክኸውን እንከሎ፣ እቲ ካልኣይ ድማ ንዝተረፈ ኣሞንያ ብስነ-ህይወታዊ መስርሕ ምጽራይ ይዛዘም። ኣብ'ዚ መጻረዪ "ናይትሪፋይን ባክተሪያ" ዝበሃሉ ህወታውያን ንኣሞንያ ናብ ጠቓምቲ መኣዛታት ይቕይርዎ። ኣብ መወዳእታ ድማ እዞም ጠቓምቲ መኣዛታት ናብ'ቶም ኣሕምልቲ ክሰዱ ከለዉ፣ እቲ ዝተጻረየ ማይ ከኣ ናብ'ቲ ዳግመ ዑደት ማይ ሕርሻ-ማይን ይምለስ። በዚ ድማ ኣብ ሓደ እዋን ዓሳታትን ኣሕምልትን ክፈሪ ይኽእል። ኣብ'ዚ ስርዓት፣ ዝኾነ ዝጐሓፍ ነገር ስለዘየለ ኣከባብያዊ ብከላ የብሉን።

ኣብ'ዚ ክፍለጥ ዘለዎ፣ ዕውት ኣኳፖኒክስ ብህላወ ሚዛናዊ ስርዓት ይውሰን። ሚዛናዊ ስርዓት ንኽህሉ ኣርባዕተ ረቛሒታት ክማልኡ ይግባእ። ንሳተም ከኣ ሚዛንነት ጠቓሚ መኣዛታት ወይ ናይትሬት፣ መጠን ዝምድና ናይ መግቢ ዓሳ (Feed rate ratio) ጥዑይ ኩነታት ናይ ስርዓት ኣኳፖኒክስ ከምኡ'ውን መርመራ ናይትሮጅን እዮም።

### ሚዛንነት ጠቓሚ መኣዛታት ወይ ናይትሬት

"ሚዛንነት ጠቓሚ መኣዛ ወይ ናይትሬት" ክበሃል ከሎ፣ እቲ ብዓሳታትን ኣሕምልትን ምስኦም ናይትሪፋይን ባክተሪያ ብቑጽሪ ምስ ዝመጣጠኑ እዩ። እዚ ማለት ንዓሳታትን ኣሕምልትን ኣብ ክልተ መዝጸር ምናት ናይ ሚዛን ብምግባር፣ እቲ ዝሰኾም ወይ ዘመዛረሪ ከኣ ናይትሪፋይን ባክተሪያ ብምምሕዳር እዩ። ንኣብነት ኣብ ሓደ ስርዓት ኣኳፖኒክስ እቶም ዓሳታት ካብ ናይትሪፋይን ባክተሪያ ብቑጽሪ ምስ ዝዛይዱ፣ መጠን ኣሞንያ ኣዝዩ ይበዝሕ'ሞ፣ ናይትሪፋይን ባክተሪያ ንኹሉም ኣሞንያ ናብ ናይትሬትን መኣዛታትን ክቕይርዎ ስለዘይክእሉ እቲ ማይ ይብከል። በዚ ምኽንያት ከኣ ሞት ዓሳታት ክስዕብ ይኽእል። ዓሳታት ምስ ዝውሕዱ ድማ፣ ኣትክልቲ እኹል መጠን ናይትሬትን መኣዛታትን ክረኽቡ ኣይክእሉን።

ኣሕምልቲ ካብ "ናይትሪፋይን ባክተሪያ" ምስ ዝጠዝሉ ዋሕዲ ጠቓምቲ መኣዛታት የስዕብ። ምኽንያቱ ናይትሪፋይን ባክተሪያ ንኹሎም ኣሕምልቲ ዝኣክል ጠቓምቲ መኣዛታት ከፍርዩ ኣይክእሉን። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣሕምልቲ ክሓሩ ይጀምሩ። ኣሕምልቲ ምስ ዝውሕዱ ድማ ትርፊ ጠቓምቲ መኣዛታት ይህሉ። ዓሳታትን ኣሕምልቲን ምስ ናይትሪፋይን ባክተሪያ ተመጣጢኖም ምስ ዝኾኑ፣ ጠቓምቲ መኣዛታት ኣብ'ቲ ስርዓት ኣኳፖኒክስ ብዘየገድስ ኣብ ጥቓሚ ስለ ዝውዕል ሚዛንነት ጠቓምቲ መኣዛታት ይህሉ።

### መጠን ዝምድና ናይ መግቢ ዓሳ

መጠን ዝምድና ናይ መግቢ ዓሳ ሰለስተ ኣገደስቲ መጠን ዝምድና ይሕዝ፣ ንሳተም ከኣ መጠን መዓልታዊ ዝወሃብ መግቢ ዓሳ ብግራም፣ ዓይነት ኣሕምልቲ ከምኡ'ውን ስፍሓት ኣሕምልቲ ዝዝራኣሉ ቦታ እዮም። ተመራመርቲ ከም ዝሕብርዎ፣ ንዝርኣም ኣሕምልቲ ኣብ'ቲ ዓሳታት ዝምገቡዎ መግቢ ይምርኮሱ። ምኽንያቱ ኣሞንያ ብናይትሪፋይን ባክተሪያ መገዲ ገይሩ ናብ ኣትክልቲ ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ባኢታታት ስለ ዝቕየር እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ቀጠልያ ኣሕምልቲ፣ ከም ብዓል ሳላጣ፣ ንዓሳታት ኣብ ሓደ ትርብዒት ሜትሮ መዓልታዊ ካብ 40-50 ግራም መግቢ ንምግቦም። እቶም ዝተረፉ ዕንባባታት ዘለዎም ኣሕምልቲ ከም ብዓል ኮሚደረ ከኣ ንዓሳታት ኣብ ሓደ ትርብዒት ሜትሮ መዓልታዊ ካብ 50-80 ግራም መግቢ ንምግቦም። ምኽንያቱ ዕንባባታት ዘለዎም ኣሕምልቲ ልዑል መጠን መኣዛታትን ናይትሬትን ስለ ዝጠልቡ እዩ። ስፍሓት ዝዝራኣሉ ቦታ ምስ'ቶም ብዙሓ. ዝዝርኡ ኣሕምልቲ ክመጣጠን ይግባእ።

### ጥዑናዊ ኩነታት ስርዓት ኣኳፖኒክስ


ኣሕምልትን ዓሳታትን ጥዑናዊ ጸገማት ምስ ዘርእዩ እቲ ስርዓት ሚዛናዊ ከም ዘየለ የረድእ። ንኣብነት መጠን ኣሞንያ ኣብ'ዚ ስርዓት ምስ ዝጠዝሑ፣ ዓሳታት ጸቕጥን ዝተፈላለየ ዘይንቡር ባህርያትን ከርእዩ ይጅምሩ። ገለ ካብ ዝርኣዩ ዘይንቡር ባህርያት፣ ናብ ዝባን ጋብላታት ምውጻእ ወይ ምቕልቃል፣ ቀይሕ ምልክታት ኣብ ኣፉ፣ ዓይንን ክንፍን እዮም። እዞም ምልክታት እዚኣቶም ንዊሕ ምስ ዝቕጽሉ ሞት ዓሳታት ክስዕብ ይኽእል። ናብ ኣሕምልቲ ምስ እንመጽእ፣ ብፍላይ ዋሕዲ ጠቓምቲ መኣዛታት ምስ ዝህሉ እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ይረኣዩ። ሓፈሻዊ ትሑት መጠን ዕበየት፣ ትሑት መጠን ዕበየት ናይ ሰራውርን ብጫ ሕብሪ ኣብ ኣቑጽልቲን ከርእዩ ይጅምሩን ምስ ግዜ ከኣ ይሓርሩን። ዝሞ ኣብ ሳዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ምልክታት ብቐልጡፍ ኣልዩ ምስ ዘይግበር ዕንወትን ክሳራን ይስዕብ።

### መርመራ ናይትሮጅን


ናይትሮጅን ኣብ ስርዓት ኣኳፖኒክስ ኣዝዩ ኣገዳሲ ባኢታ'ኳ እንተኾነ ልዕሊ ዓቐን ምስ ዝኸውን ግን ሓደገኛ እዩ። ርትዓዊ መጠን ናይትሮጅን ንምውሓስ ናይትሮጅን ዝዕቅን መስርሒ የድሊ። እዚ ከኣ ብምርምራ ማይ ዝካየድ እዩ። መጠን ናይትሮጅን ልዕሊ ሓደ ሚሊ. ግራም ኣብ ሓደ ሊትሮ ምስ ዝኸውን ስነ-ህይወታዊ (Biological) መጻረዪ ጸገም ከምዘሎ የረድእ። ዚ ንምፍዋስ ድማ ዓቐን ዝበን ናይ'ቲ መጻረዪ ብምስፋሕ ክፍታሕ ይከኣል።

ልዕሊ 150 ሚ.ግ ኣብ ሓደ ሊትሮ ምስ ዝኸውን ዋላ'ውን ንኣሕምልቲ ኣዝዩ ኣድላዩ እንተኾኑ፣ ንዓሳታት ግን ኣብ ሓደጋ ከውድቖም ይኽእል። በዚ ድማ ነቲ ማይ ብቕልጡፍ ምቕያር የድሊ። ትሕቲ 10 ሚ.ግ ኣብ ሊትሮ ምስ ዝኸውን ከኣ ዋሕዲ መኣዛታት ኣብ ኣሕምልቲ ይፍጠር እሞ፣ ዕበየት ናይቶም ኣሕምልቲ ይዝሕትል። ከም'ዚ ዓይነት ተርእዮ፣ ብምውሳኽ መግቢ ናይ ዓሳ ወይ ብምውሓድ ቁጽሪ ናይ ኣሕምልቲ ክፍታሕ ይከኣል። በዚ ምኽንያት ከኣ ተመራመርቲ ሰሙናዊ ምዕቃን ናይትሮጅን ከም ዘድሊ ይሕብሩ።


ኣሰራርሓን ኣተሓሕዛን ኣኳፖኒክስ ብዝኾነ ምስ እንርድኦን ኣብ ግብሪ ምስ እነውዕሎን ዝሓደ ረብሓታትን መኸሰብትን ዝርከቦ ንጥፈት ይኸውን። ከምኡ'ውን ዝኾነ ጸገማት ምስ ዘጋጥም፣ ንሞያውያን ምውካስ የድሊ። ኣብ ኤርትራ ሕርሻ ዓሳ ናብ ዞባታት ጥዑም ማይ ክተኣታተዉ ጀሚሮም ኣለዉ። ድሮ'ውን ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ወጽኢታዊ ኩይኑ ይርከብ። ኣብ ከባቢ ዲጋታት ዝነብሩ ሕብረተሰብ ደረጃ ንቕሓት ኣብ ዓሳን ተመጋብነትን ክብ ኣብ ምባል ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ጻዕርታት የካይድ ኣሎ። ከም ወጽኢት'ዚ ጻዕርታት ብፍላይ ንደቂ-ኣንስትዮ ናይ'ቲ ከባቢ ዕድላት ስራሕ ክኸፍተለን ጀሚሩ ኣሎ። ስለዚ፣ ኣኳፖኒክስ ኣርባሒ ንጥፈት ስለዝኾነ ኣብ ሕብረተሰብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ለውጥታት ከምጽእ ከም ዝኽእል ይእመን። ብዘይካ'ዚ፣ ኣኳፖኒክስ ብፍላይ ከኣ ኣብ ትሑት መጠን ዝናብን ድኹም ሓመድን ዘለወን ዓድታት ምስ ዝፍተን ጠቓምን ኣኽሳቢን ክኸውን ይኽእል።




ስርዓት ኣኳፖኒክስ




ብዳግመ ዑደት ማይ ዝካየድ ሕርሻ-ማይ




ሚዛናዊ ስርዓት ኣኳፖኒክስ

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

13 ክፋል

## ቀመር ህይወት

**"ንዝኾነ ርእሰኻ ከተፍቅርን ክትቕበልን እንተ ኽኢልካ፡ ንኻልኦት ሰባት ከተፍቅር ዝቐለለ ይኸውነልካ።" – ሉዊስ ሀይ**

**"ፍቕሪ እንተ ሃልዩ ህይወት ኣሎ።" – ማህትማ ጋንዲ**

ኣብ ዋላ ሓደ ሰብ ዘይኑብሮ ደሴት ኣለኻ ኢልካ እስከ ንዝኾነ ርእሰኻ ሕሰቦ፡ ንስኻ ቀድሚ ሕጂ ዝኸኣ ሰብ ርኢኻ ኣይትፈልጥን ኢኻ፡ ሓንቲ መዓልቲ ግዳ ንፈለማ ግዜ ኣብቲ እቲ ንስኻ በይንኻ እትነብረሉ ዝነበርካ ደሴት፡ ሓደ ጋሻ ሰብ ሃንደበት ሀሩግ ኢሉ።

ንስኻ ብኣካይዳ ኣዘራርባን ኣተሓሳስባን እቲ ሰብ እምበር መጠን ከም እትግረም ርዱእ እዩ፡ ነቲ ሰብ ንባዕሉ ኣብ እቲ ንስኻ ምስ ካልእ ደቂ ግዝወትኻ እትነብረሉ ሃንደበት እንተ ትረኽቦሽ? ከምቲ ኣብ እቲ ኣብ ደሴት ዝረኸብካዮ ጊደርኻዶ ምተገረምካ?

እቲ መብዛሕትና እንፍጽሞ ጌጋ እምበኣር፡ ንሰባት ከም ወሁብ ስለ እንወስዶም እዩ፡ ብኸምኡ እየም እምበኣር ብዙሓት ሰባት ክንረኽቦም እንኽለና ዘሰልችዩና።

ንተፈጥሮ ኣብ ምድናቕ ክንሓምቕ ኣይግባእን፡ ብፍላይ ከኣ ንደቂ ሰብ ኣብ ምፍቃር ሰናፋት ክኸውን የብልናን፡ እቲ ምንታይሲ፡ ሰብ እቲ ዝኸበረ ፍጥረት ስለ ዝኾነ።

እዚ ክንብል እንከለና፡ ኑየም ካልኦት ፍጥረታት ዕሽሽ ክንብሎም ኣለና ከሰምዕ የብሉን፡ ብኣንጻሩ እኳ ደኣ – ንሰባት እንተ ደኣ ኣፍቂርና፡ ብድሕሪኡ ፍቕሪ እንስሳታት፡ ፍቕሪ ኣግራብ ከምኡ እውን ኣየም ዝተረፉ ፍጥረታት ካብኡ ብባህሪ እየም ዝውሕዙ።

ፍቕሪ ፈጣሪን ፍቕሪ ሰድራ ቤትን ንበይናም ኣኸልቲ ኣይኮኑን፡ እንተ ኽኢልካ ንመላእ ደቂ ሰብ ከተፍቅር ይግባእ፡ ምናልባት እዚ ዘይቅመር (unfathomable) ክመስል ይኽእል እዩ፡ የግዳስ ከምኡ ኣይኮነን።

ጽልእን ጭኣሰን ዝፍጥር፡ ደቂ ሰብ ካብ እቲ ቅሓ ማስመርም ክንደልህዱ እንከለዉ እዩ፡ እቲ ክኸውን ዝነበሮ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ሰብ ሰላም ክሰፍን እዩ፡ እቲ ምስ ኣባላት ሰድራ ቤቱ ሰላም ክነብር ዘይጸገም ሰብ፡ ከመይ ኣቢሉ ምስ ጎረቤቱ ሰላም ክነብር ክጽገም ይኽእል?

ንስኻ ንጽባቐ ክእለት ደቂ ሰብ ኣብ ምብህሃል ኣድንቐ፡ ንናይ ሰባት ናይ ምስራሕ ብቕዓት ኣድንቐ፡ ንፈጠራዊ ብቕዓት ሰባት ኣድንቐ፡ እዚ ባህርያዊ ትዕድልቲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ደቂ ሰብ እዩ – እዚ ናይ ብሓቂ ተኣምር ዝኾነ ብልሓት እዩ።

ንኻልኦት ሰባት 'ምፍቃር' ብልክዕ እንታይ ማለት እዩ? ኣብዚ ትርጉም ምፍቃር ማለት፡ "ባህታ ምልላይ ሰባት ምስ ጭውነቶም" እዩ።

ኣብ ጽባቐ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ምርኣይ ከተተኩር እንተ ደሊኻ፡ ዝርዝር ናይ ጭውነት ወይ ሰሓቢ ባህሪ ክትፈጥር ፈትን፡ ዝጠዘሉ ዝርዝራት ጭውነት ወይ ወርዝዩና ብዝዘርዘርካ መጠን፡ ዝያዳ ንኻልኦት ሰባት ከተድንቐ ዕድል ትረክብ።

በየም ርዱኣት ጭውነት ኢኻ ክትጀምር ዘሎኻ፡ ብድሕሪ እዚ፡ ናብ እቶም ኣጸገምቲ ዝበሃሉ ክትሰግር ትኽእል፡ እቲ ዝበለጸ መንገዲ፡ ናብ እቶም እትፈልጦም ሰባት ምጥማት እዩ፡ እወ ናብ እቶም ባህታ ዝምጥዉኻ ሰባት ምምዕዳው። ስለምንታይ እቶም ሰባት ካብ ካልኦት ንላዕሊ፡ ሓገስ ከም ዝፈጥሩልካ ክትትንትኖ ይግባእ።

ኣብዚ ጉዳይ፡ ካልኦት ሰባት ሓሳባት ንኽህቡኻ ብቕንዕና ተወከሶም፡ ከምኡ ምስ እትገብር፡ ዝያዳ ንብዙሓት ሰባት ናይ ምፍቃር ዕድል ከም ዝህልወካ ኩቶ ኣይትጠራጠር።

ንምሒር ሐደት ሚኢታዊት ሰባት ጥራይ እናፍቀርና ክንነብር ኢና።

ኣብ ጭውነት ወይ ጽቡቕ ባህሪ ደቂ ሰብ ምድሃብ ምስ ጀመርካ፡ ዝርዝር እትፈትዎም ሰባት ክሰብ ክንደይ ክምጠጥ ከም ዝኽእል ተገንዘብ፡ ኣብ ጌጋታት ሰባት ምትኳር ኣቋሪጽካ፡ ኣብ ብልጫታቶም ምትኳር እንተ ደኣ ጀሚርካ፡ ንስኻ እተፍቅሮም ሰባት ከም ዝጠዘሉ ዋላ ሓንቲ ዘጠራጥር የብልካን።



ኣብ መወዳእታ፡ ገምጋሚ-ውሕልና (connoisseur) ኮን፡ ኣብ መንጎ ሓደ ጭውነትን እቲ ኻልእ ጭውነትን ዘሎ ፍልልይ ክተለልዮ ኣለካ፡ ብመሰረት ቀዳምነታት ዝርዝራትካ ኣጻፍፍ፡ ኣየናይ ጭውነት ካብ እቲ ኻልእ ንላዕሊ ዝያዳ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣለሊ።

ንመበገሲ ክኸውኻ ዝኽእሉ ጭውነታት ወይ ጽቡቓት ባህርያት ካብ እታ ብዘሊግ ፕሊስኪን እተጻሕፈት፡ "Begin Again Now" ዝርእስታ መጽሓፍ እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

ተወሓላቢ፡ ጥቁው፡ ደፋር፡ ተሰማማዒ፡ ለጋስ፡ ህንጡይ፡ ኣድናቒ፡ ርጡብ፡ ተኣማማኒ፡ ትጉህ፡ ሚዛናዊ፡ ተባዕ፡ ህዱእ፡ ሓላዪ፡ ጥንቁቕ፡ ግሩም፡ ግብረሰናያዊ፡ ደነስ፡ ቦቕባቕ፡ ርጉጽ፡ ሕልና ዘለዎ፡ ጽኑዕ፡ ተሓጋጋዚ፡ ፈጠራዊ፡ ወሳኒ፡ ምዕሩግ፡ ልዙብ፡ ቅሱን፡ ጽፉፍ፡ ህርኩት፡ ምሱጥ፡ ውጹኡ፡ ርትዓዊ፡ ተዓጻጻፊ፡ ሓዳግ፡ ተመሓዛዊ፡ ለጋስ፡ ወረጃ፡ ስሉጥ፡ ሓኸተ፡ ጥዕና ዘለዎ፡ ገርሂ፡ ምቕሉል፡ ባህጋዊ፡ መስተብህል፡ ፈላጥ፡ ስሑ-መጉታዊ፡ ፈቃር፡ እሙን፡ ብሱል፡ ቅጥዒ ዝኽተል፡ እዱብ፡ ጽሩይ፡ ክፉት፡ ትሰፉው፡ ውዱን፡ ኣመንጫዊ፡ ዕገስ፡ ዘይሕለል፡ ምእዙዝ፡ ግብራዊ፡ ኣፍራዪ፡ ቆጻራ ዝሕሉ፡ ክውንነታዊ፡ ዝተዛየ፡ ፍቱን፡ ቀለም ጸጉብ፡ ርእሰ-ርጉጽ፡ ሓቀኛ፡ ክኢላ፡ ሃይማኖታዊ፡ ኣድላዪ፡ ውሕሉል፡ ዕወት፡ ተጻዋሪ፡ ተባላሓቲ፡ ግዱስ፡ ለባም፡ …።

ሕጂ ዝርዝር ኣሰማት ናይ እቶም ንስኻ እተፍቅሮም ሰባት ኣውጽእ፡ እቲ ብዙሓ ኣሞኻ እዩ ዝምርኮሱ፡ ንገለ ሰባት ክልተ (ትሕተ ማእከላይ)፡ ዓሰርተ (ማእከላይ)፡ ዕስራ (ልዕሊ ማእከላይ) እዩ፡ ንዓኻ ግዳ እቲ ጉግጋም ካልእ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ብዝዕባ ኩሉም እቶም ብሶላ ፍቕሪ ዝመጽኡ ባህታ ክትሓስብ እንከለኻ፡ ዝርዝርካ ናይ እቶም ኣብ ዕለታዊ ህይወትካ እትረኽቦም ማእለያ ዘይብሎም ሰባት ዘየጠቓልል ምኳኑ የሕንኽኻዶ?

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ጽቡቕ ነገር ክንረክብ ሃሰው ክንብል ይግባእ፡ ክሰብ ብኸመይ ካብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ጽቡቕ ነገር ምርኣይ ከም እንኽእል እንፈልጥ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዕድል፡ ኣብ ጭውነት ወይ ወርዝዩና ጉርብብትኻ፡ ኣዝማድካ፡ ሓለፍትኻ፡ መሳርሕትኻ፡ ዓማዊልካ … ኣድህብ።

ደቂ ሰብ ኣብ ዝምድናኦም ካብ ዝፍጽምዎ ቀዳሚ ሓደ ጌጋ፡ ኣብ ጉድለታት ስለ ዘተኩሩ እዩ፡ ንስኻ ንሓደ ሰብ እንተ ጸሊእካዮ፡ እቲ እንኮ መግለጺ ክወሃቦ ዝኽእል እምበኣር፡ ኣብ እቶም ግጉያት ነገራት ተተኲርካ ምህላውካ እዩ።

ዝርዝር ናይ እቶም ንስኻ ዘይትፈትዎም ገለ ሰባት እስከ ኣብ ወረቐትካ ጽሓፍ፡ ብድሕሪ እዚ ኑየም ንስኻ ዘይትፈትዎም ሰባት ናይ ብሓቂ ክሰብ ክንደይ ተፈታዊ ባህሪ ከም ዘለዎም ክትምርምር ፈትን፡ ነቲ ድሕሪኡ ዝተገንዘብካዮ ጭውነቶም ወይ ጽቡቕ ባህሪኦም፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኦም ኣንበርካዮ ዝነበርካ ጽልኢ ክተልዕሎ ትኽእል ኢኻ፡ ንጭውነት ክትጸልእ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ንጌጋታት ድማ ክትፈቱ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ንስኻ ክትመርጽ እትኽእል፡ ኣየናይ ጽቡቕ ወይ ሕማቕ ባህሪ ኣብ ኣየናይ ሰብ ከም እተለልዮ ምግንዛብ ጥራይ እዩ።

ነፍሲ ወከፍ ሰብ እንተ ውሓደ ሓንቲ ጽብቕቲ ባህሪ ኣይትሰኣኖን እያ። እዚ ጉዳይ ኣድነዮ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል፡ ንወለዲ እስከ ጽቡቕ ጊደርና ነቕልበሎም፡ ደቆም ዋላ ጌጋ እንተ ገበሩ የፍቕርዎም እዮም፡ ዋላ ደቆም ኣብ ዓራቶም ደሽኡ፡ ካብ ምፍቃሮም ዓዲ ኣይወፅሉን እዮም፡ ዋላ ደቆም ንሓድሕዶም ዝበኣሱን ዝመናጨቱን እንተ ኾኑ፡ የፍቅርዎም እዮም፡ ዋላ ደቆም ስሱዓት እንተ ኾኑ፡ የፍቅርዎም እዮም።

ንወለዲ ስለምንታይ ኢኹም ንደቅኹም ተፍቅርዎም ኢልኩም እስከ ሕተቱዎም? "ደቅና እምበር መጠን በላሕቲ ስለ ዝኾኑ፡ ደቅና ንወለዶም ምእዙዛት ስለ ዝኾኑ፡ ደቅና ለጋሳት ስለ ዝኾኑ፡ ደቅና ፈራሃ እግዚኣብሄር ስለ ዝለዎም፡ …" ዝበሉ ዝተፈላለዩ መሰየጥቲ መልስታት ክህቡኹም እዮም።

ንሰባት ከተፍቅር እንተ ደሊኻ ኑየም ብዙሓት ሰባት ቅቡላት ዝኾኑ ጽቡቓት ባህርያት ብዙሆም ኣጸገምቶም፡ እቲ ዝጠዘለ ሰብ ፍቱው ክኸውን እዩ ዝደሊ። ክንዲ ዝኸኣ ብኻልኦት ሰባት ዘፍትወዎ ባህርያት ከንጸባርቕ ከአ ይደሊ። እቶም ጭዋታት ሰባት፡ ካብ ንኻልኦት ሰባት ክዛረቡ ንባዕሎም ክህበዩ እየም ዝመርጹ። ካብ ንኻልኦት ሰባት ዝዕምጹ፡ ብኻልኦት ሰባት ክዕመጹ ይመርጹ።

ሓደ ሰብ ዋላ ምሒር እኪዩ እንተ ኾኑ፡ ገለ ጽቡቕ ነገር ኣይትስእኑሉን ኢኹም፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ መዓልቲ ዘይብሉ የለን፡ ንሸሕ ሰባት ሃሰዩ ንሓደ ሰብ ዘይጠቅም ሰብ ኣሎ ኢልካ ክትደምድም ክኸብድ ይኽእል እዩ፡ ሰባት ካብ ካልኦት እንስሳታት ክፈልዩና ዝኽእል እምበኣር፡ እዚ ባህሪና ክኸውን ይኽእል እዩ፡ እቲ ካብና ዝደሊ ነቲ ዘለና ጭውነት ወይ ጽቡቕ ባህሪ ከመይ ገይርና ከስፍሖ ከም ዘለና ምፍላጥ ጥራይ እዩ።

ኣየናይ እዩ ንዓኻ ዝያዳ ባህታ ዝፈጥረልካ - "ንኻልኦት ሰባት ፍቕሪ ክትህብዶ ዋላስ ብኻልኦት ሰባት ክትፍቀር?"

ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ከም ዝምዕዱና፡ ንኻልኦት ሰባት ፍቕሪ ምሃብ እዩ እቲ ዝያዳ ዝዓዘዘ ባህታ ዝህብ፡ እቲ ምንታይሲ፡ ንናይ ሓደ ሰብ ዝነመቖ ጭውነታት – ንቕንዕናኡ፡ ድንጋጹኡ ወይ ብልሑ – እንተ ተገንዚብካዮ፡ ንስኻ እውን ብኸምኡ መልክዕ ክትቀርቦ ኢኻ እትድረኽ።

ኣብ ሰር መሰረት ቃልሰና፡ ምፍቃር ማለት ኣብ መንጎ ኣካልን ሩሕን ዘሎ ግርጭት እዩ፡ ሩሕና ንኻልኦት ሰባት ከፍቅር እዩ ዝደሊ። ምኽንያቱ ፍቕሪ ምምጣው ሓደ ካብ እቶም ዝነመቑ ባህታታት ሩሕና ክምክረሉ ዝኽእል እዩ፡ ሩሕ ክንዮ ገዛእ ርእሱ ተመጣጢኑ፡ ምስ ነፍሲ ወከፍ ካልእ ሩሕ ክተኣሳሰር እዩ ዝደሊ።

ኣካልና በቲ ኻልእ ወገኑ ተቓዋሚ ፍቕሪ ክኸውን ይደሊ፡ ፍቕሪ ክርሕቅ እንከሎ እዩ ኣካላትና ዝያዳ ምቾት ዝስምዖ፡ ንዝኾነ ርእሰኻ እስከ ተገዲስካ ኣስተብህሎ፡ ንስኻ ኣቓልቦ ካልኦት ሰባት እንተ ደሊኻ፡ ነቲ ሓለፍቲ ኣካልካ ወሰድዎ ኣሎ ማለት እዩ።

ንስኻ ዝያዳ ምስቲ ድፍኢት ሩሕካ ንኻልኦት ሰባት ንምፍቃር ዝነብሮ ጻዕሪ ብንቕሓት ክትተኣሳሰር ሃቕን፡ እዚ ንክትጀምር ምናልባት የጸግመካ ይኸውን እዩ፡ ንኣካላትካ መስመሩ ከተትሕዞ ቀሊል ኣይኮነን፡ የግዳስ ንዝኾነ ርእሰኻ ንናይ ካልኦት ሰባት ጭውነት ናይ ምርኣይ ልምዲ ምስ ኣተሓዘኻዮ፡ ንኹሉ ሰብ ምፍቃር ዝቐለለ ኩይኑ ክትረክቦ ኢኻ።

ሽጉርቲ እናፍርደደካ እንከለኻ ንኣጻብዕትኻ እንተ ሓረድካዮ እንታይ ኢኻ እትገብር፡ ኑታ ካራ ኣልዒልካ ኑታ ሓደጋ ዘብጽሓትልካ ኢድካ ብምቑራጽ ሕነኻ ትፈዲ ዲኻ? ብርግጽ ከምኡ ኣይትውዕሎን ኢኻ፡ ስለምንታይ? እቲ ምንታይሲ፡ እታ ካልኣይቲ ኢድካ እውን ኣካልካ ስለ ዝኾነት።

ንደቂ ሰብ እውን እንተ ኾኑ ከም ሓደ ኣካል ክትወስዶም ትኽእል ኢኻ፡ ንኹሉ ሰብ ከም ገዛእ ርእሰኻ ገይርካ ተፍቅሮ እንተ ኺንካ፡ ንዝኸኣ ሰብ ክትጎድእ እንከለኻ ተመሊስካ ንዝኾነ ርእሰኻ ከም እትጎድኣ ዘለኻ ኩይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ፡ ንኻልእ ሰብ ምጉዳእ፡ ልክዕ ከም ኑታ ካልኣይቲ ኢድካ ብኻራ ምሕራድ ገይርካ ክትሓስቦ ትኽእልዶ?

ብርግጽ፡ እቲ ክውንነት ኣካላትና ዝተፈላለዩ ኣሃዱታት ምዃኖም እዩ፡ ሓደ ሰብ ክብልዕ እንከሎ፡ እቲ ካልእ ሰብ ክጸግብ ኣይኮነን፡ ሓደ ሰብ እምበር መጠን ክሃብትም እንከሎ፡ ምናልባት ነቲ ካልእ ሰብ ከይሃብትም ይድርቶ ይኸውን፡ እዚ እምበኣር እቲ ኣብ መንጎ መንፈሳውነትን ነገራውን ዘሎ ፍልልይ እዩ፡ ምእንቲ እዚ፡ ኣብ 'ኣካላዊ' ሸነኽ ካልኦት ሰባት እንተ ኣድሂብካ፡ ንፍልልይ ከም ዝዕድመካ ርዱእ እዩ።

ኣብ ክንድኡ እምበኣር፡ ኣብ ሩሕ ካልኦት ሰባት ኣድህብ፡ ምኽንያቱ ሓደ ሰብ ክማዘር እንከሎ፡ እቲ ካልእ ሰብ ይዓቢ እዩ፡ እዚ ልክዕ ከም ኣብ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ እንርእዮ እዩ፡ ሓደ ወዲ ጋንታኻ ሹቶ ከመዝግብ እንከሎ፡ ኩሉ ኣባል እታ ጋንታ እዩ ዝዕወት፡ እቲ ምንታይሲ፡ እታ ጋንታ ከም ሓንቲ እያ እትቕጸር።

ኩለን ሩሓት ሓደ እየን፡ ልክዕ ከም ክልተ ሰባት ኣብ ሓንቲ ጃልባ እተሰቕሉ ክንዝምስሎ ንኽእል ኢና፡ ሓደ ካብኦም ኣብ እታ ጃልባ ቀዳድ ንምፍጣር ክኹዕት ጀሚሩ፡ "ኣታ እንታይ ኢኻ ትገብር ዘለኻ!" እቲ ዓርኩ ብሰንባደ ወጨጨ።

"ኣጆኻ ኣይትጨነቕ" እቲ ቀዳማይ ከቕስኖ ፈቲኑ፡ "ኣነ ኣብ ትሕተይ ጥራይ እኮ እየ ዝኹዕት ዘለኹ።"

እቲ ኣብ ቀጸላ ኣዋን ዝፍጠር ቀዳድ ንማንም ሰብ ዝንሕፍ ኣይኮነን፡ ሓሸሹ ሰርቃን ዕግርግርን ዶብ ዝበሃል ኣይድርቶምን እዩ፡ ነፍሲ ወከፍና ኣብ ምጽጋን እዛ እንነብረላ ዓለም ብዙሕ ኣጽሊና ዓቕሚ እጃምና ክነልዕል ሓላፍነት ኣለና።

ፍቕሪ ካብ ገዛኻ እዩ ዝጅምር፡ ነቲ ብኣፉ "ኣነ ንኹሉ ደቂ ሰብ እየ ዘፍቅር" እናበለ ጸፍ ዝብል፡ ምስ ኣባላት ሰድራ ቤቱ ግዳ ሓርፋፍ ዝምድና ዘለዎ፡ ኩቶ ኣይትእመኖ። ሓደ ሰብ ኣብ ኣሕዋቱን ኣሓቱን ጽቡቕ ባህሪ ክርኢ እንተ ዘይክኢሉ፡ ከመይ ኣቢሉ ኣብ ካልኦት ክርኢ ይኽእል?

ሓደ ሰብ ፍቕሪ ደቂ ሰብ ክህልዎ ዝብህግ እንተ ኾይኑ፡ ቀደም ቀዳደም ካብ ኣባላት ሰድራ ቤቱ እዩ ክጅምሮ ዝግባእ፡ እቲ ጥዑይ ኣመዓብላ ፍቕሪ ካብ ፍቕሪ ወለዲ፡ ናብ ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ናብ መጻምዲ ካብኡ ናብ ደቅና እዩ ዝኸይድ። ብድሕሪ እዚ፡ እቲ ሽቶና ንኻልኦት ሰባት ልክዕ ከም ሓደ ወላዲ ንደቁ ዘፍቅሮም ገይርና ክሰብ ምፍቃር ክንዝርግሕ ንኽእል ኢና፡ ክፍቅር እንተ ተበጊሶ፡ ዋላ ሓደ ምድራዊ ሓይሊ ደው ከብለና ዝኽእል የለን።

ሓዳር ኣብ መዓይ ፍቕሪ እቲ ዝበለጸ መለማመዲ ባይታ እዩ፡ እቲ ምንታይሲ፡ ንኻልእ ሰብ ብኸመይ ልክዕ ከም ገዛእ ርእሰኻ ከተፍቅሮ ከም ዘለካ ጽቡቕ ገይሩ እዩ ዝምህረና።

**"ንኻልኦት ሰባት ምፍቃር ብርትዒ ክድህሰስ ዝኽእል ኣይኮነን፡ ከመይሲ፡ ዘይርትዓዊ ስለ ዝኾነ።" - ለዮ ቶልስቶይ**

**"ፍቕሪ ምስ እቲ ክትህቦ ትጸበየ እትገብረሉ እምበር፡ ምስ እቲ ክትቕበሎ ትጸበየ እትገብረሉ ዋላ ሓንቲ ዘተኣሳስር የብሉን።" - ካታሪን ሀፕበርን**

ይቕጽል

# ስለ ሃገርን ህዝብን

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ጽንኩር ተጋድሎ ኤርትራውያን ንናጽነት፡ ሕሉፍ ሃገራዊነት፡ ተወፋይነት፡ ጽግዓትን ትብዓትን ዝሓተተን ማእለያ ዘይብሉ መስተንክራዊ ቅያታትን ተርእዮታትን ዝሓቖፈን'ዩ። ስለ ናጽነት'ዛ ሃገር ኣብ ዝተኻየደ 30 ዓመት ዝወሰደ ብረታዊ ቃልሲ፡ ደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ዜጋታት ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ናይ ቃልሲ፡ ዝከኣሎም ዘበለ ተጋዲሎም፡ ትንፋሶም ወፍዮም፡ ሰንከሎም፡ ናይ መጻኢ ዕድላቶም መኪኖም. . . ናጽነት ህያው ገድሮም እዮም።

ኣብ ሰውራ ኤርትራ፡ ብዘይካ'ቲ



ስዉእ ኣማኑኤል መብራህቱ

ኣብ ቀዋሚ ግንባራት ከም'ኡ'ውን ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ብደባይ ኣሃዱታት ዝተፈደ ዝበረ ግጥማት፡ ጸላኢ ኣብ ዝቆጻጸሮ ከተማታት፡ ሓወሲ ከተማታትን መጻበራትን ስርሒታት ዝፍጽም፡ 'ፈዳኢን' ብዝብል ህቡብ ስም ዝፍለጥ ሓይሊ ሰውራ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዘውርዶ ዝበረ ስነ-ኣእምሮኣዊ ነውጺን ነገራዊ ክሳራን ብቐሊል ዝግመት ኣይነበረን።

ገድሊ ፈሊሙ ክሳብ ዝዛዘም፡ ፈዳኢን ህዝባዊ ሓይልታት ድሓር ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኮነ ፈዳኢን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኣገደስቲ መንግስታዊ ትካላትን መሳርሒ ጸላኢ ዝኾኑ ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ስርሒታት ብምፍጻም፡ ኣብ ስነ-ኣእምሮ ሓይሊ ጸላኢ ጸላዕላዕ ዝበል ሰንባደ ኣውሪዶም እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ንሰውራ ዘገልግሉ ኣጽዋር፡ መድሃኒት፡ መቀያየሪ ኣቑሑ፡ መሳርሒታት ይኹን ካልእ ዝተፈላለየ ንዋት፡ ጸላኢ ካብ ዝቆጻጸሮ ከተማታትን መጻበራትን ብዝተፈላለየ ጥበብ ብምውጻእ፡ ናብ ሜዳ ኤርትራ ብምጉራት፡ ኣብ ኩለንተናዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት፡ ዓቢ ደገፍ ዝኾነ እጃም ኣበርኪቶም እዮም።

ካብዞም ኣብ ከብዲ ጸላኢ ኮይኖም ሰወር ስርሒታት ብምፍጻም፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ንዘሕ-ውሻጠኡ ምእማን ክሳብ ዝስእን ከቢድ ራዕድን ሻቕሎን ዘውረዱሉ ብዙሓት ኣባላት ፈዳኢን ሓደ፡ ኣማኑኤል መብራህቱ (ወዲ ባሻይ) እዩ። ካብ ኣቦኡ ባሻይ መብራህቱ እዝበን ኣደኡ ወይዘሮ ለተብርሃን ጉብረማርያምን ብ1953 ኣብ ኣስመራ ዝተወልደ ኣማኑኤል፡ ዓበይቲ ኣሕዋቱን ኣሓቱን ገለ ብሞት ስለ ዝተፈልዩ ገለ ድማ ሓዳሮም ስለዝወጽኡ፡ ኣብ መንጎ ሸዱሽተ ኣዋልድ ሓደ ኮይኑ፡ ግዜ ንእስነቱ ብሕንቃቐ እዩ ኣሕሊፉዎ። ከም ኩሎም መዙኡ ደቂ ኣስመራ ክሳብ እዋን ብጽሕናኡ ትምህርቱ ብዝዮጽ ተኸታቲሉ። ግዜ ከትትና ኣማኑኤል ኣብ 60ታት እዩ ነይሩ። ኣብቲ ቃልሲ ንናጽነት ኤርትራ ዝተገዓዘረሉ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ከቢድ ግፍዕታት ዝፍጽመሉ ዝበረ እዋን። እዚ ኩነታት'ዚ ከም ኩሎም ናይቲ ግዜ'ቲ መንእሰያት ንሃገራዊ ስምዒቱ ኣበርኺ ኣንጻር መግዛእቲ ናይ ምቅላስ ወኒ ኣሕደረሉ። ኣብ ስሳታትን መጀመርታ ሰብዓታትን ውዕውዕ ኣብ ዝበረ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ተመሃሮ ደማ ንጡፍ ተሳታፊ ክኾውን ደረኸ፡ ጸኒሑ ድማ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተወደበ።

ኣማኑኤል ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ድሕሪ ምጽንባሩ፡ ናብታ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ስርሒታት እተካይድ ዝበረት 104 (ቸንቶ ኳትሮ) ብዝብል ስም እትፍለጥ ኣሃዱ ፈዳኢን ተመደበ። ኣብታ ኣሃዱ፡ ብዓል ስዉእ ኣርኣያ ተስፋስላሴ፡ ስዉእ ወልዳይ (ወዲ ካሰማይ)፡ ስዉእ ተወልደ ካሕሳይ (ወዲ ዓዋተ)፡ ስዉእ ወልደሩፋኤል ኣፈወርቂ (ወዲ ቐሺ)፡ ኢልሳ ኣማረ፡ ስዉእ ተስፋይ በላይ (ወዲ በላይ) ስዉእ ኪዳን ኣልኣዛር (ባርያ) ዑስማን ዓብደልቃድር (ኣቡ ዓፋን)፡ ዓንዳይ ተኽስተ፡ መሓመድ ኢብራሂም ቅድዋ፡ ሳልሕ ዑስማን (በላይ)፡ ተስፋይ መሓሪ፡ ስዉእ ተኽልኣብ ጉብረመስቀል፡ ስዉእ ፍስሃየ ሰለሙን፡ ስዉእ ዓንዳይ ተኽስተ፡ ስዉእ ዘሬ ሃይለ ዝርከቡዎም ሓያሎ ምዑታት ተቓለስቲ እዮም ጸኒሖም። ምስ'ዞም ስዉኣትን ህሉዋትን ኣባላት ፈዳኢን ኮይኑ ድማ፡ ኣብ ዓበይቲ ተልእኾታት ክሳተፍ ጀመረ።

ፈዳኢን ቸንቶ ኳትሮ ቀንዲ መደበሮም ሱሓርቲ ኮይኑ፡ ኣብ ዓድታት ጸዓዘጋ፡ ጳዕዳ ክርስትያን፡ ዓዲኣሕደሮም፡ እምባይቶ፡ ዓዲቐረጽ፡ ዳምባ ብዝበሉ ድማ ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ይንቀሳቐሱ ነበሩ። ኣባላት ጋንታ 104፡ ብዝተፈላለየ ጥበብ ንጸላኢ ብምድንጋር፡ ናብ ኣስመራ ብምእታውን ብምውጻእን፡ ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ምስ ዝተወደቡ ሰሩዓት ብምትሕብባር፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ምቁጽጻሩ ዝስእነ ሰውራዊ ዕማማት ፈጺሞም፡ ብዙሕ ቅያታት እናሰርሑ፡ ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ምድኻም ዘበርከቱዎ እጃም ዓቢ እዩ። ኣማኑኤል ወዲ ባሻይ ኣብ ዝተሳተፎ ፋልማይ ስርሒቱ፡ ኣብ ጥቅምቲ 1974 ንኣብነት፡ ምስ ኣብርሃም ተኽሉ፡ ወልደሃይማኖት (ወዲ ካሰማይ)፡ ነጋሲ ብላቴ፡ ዓብደልመሊክን ታረቀ በራኺን ብሓባር፡ ኣብ ጥቓ ቺኖማ ሮማ ካብ ዝርከብ ቤት ፍርዲ፡ ሸንገጥ፡ ብሬን ቺካሩፍ (ኣፈደስቲ)፡ ጠያይቲ፡ ረድዮታትን ካልእ ንብረትን ከውጽኡ ክኢሎም።

ኣደኡ ወይዘሮ ለተብርሃን ከም ወላዲት መጠን፡ እቶም ምስኡ ዝመላለሱ ሰባት እንታዎት ምዃኖም ክሓትታኦ ከለዋ፡ ደቂ ጉዝውቲ፡ ወይ ድማ ኣዕሩኽቱ ምዃኖም ብምግላጽ የመኽኒ ነበረ። ብሕልፊ ኣብ'ቲ ኣስመራ ዝተሓመሰትሉ ግዜ ዕግርግር፡ ብዙሓት ተቐማጦ ኣስመራ ንድሕነቶም ክብሉ ናብ 4 ኣስመራ መጺኦም ይቕመጡ ስለዝነበሩ፡ ኣማኑኤልን መሳርሕቱን እዚ ኩነታት'ዚ ቀሲኖም ንኽንቀሳቐሱ ጉልባብ ኮይኑዎም እዩ። ወለዱን ኣሕዋቱን ኩሉ ኩነታቱ ድሕሪ ምዕዛብ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ይነጥፍ ከም ዝነበረ ክፈልጡ ግዜ ኣይወሰደሎምን። በዚ ድማ ቀንዲ ሰተርቱን ሓገዝቱን ኮኑ። የግዳስ ቀጻሊ ሃድን ኣካላት ጸጥታ ኢትዮጵያ ይዕዘቡ ብምንባሮም፡ ብኑብሮምን ብኣማኑኤልን ምሕር ምሽቓል ኣይተረፎምን። ምኽንያቱ ንሶም እውን ካብ ብዙሕ ከቃልዎም ዝኽእል ፍጻመታት ንኸላ ይድሕኑ ስለዝነበሩ።

ሓደ መዓልቲ ኣማኑኤል ነታ ትሕቲ ዕድመ ልኣላ ሓፍቱ፡ ኣብ ገዛኦም ተዓቂቡ ዝበረ ፈንጂ ናብ ከበቢ ፋርማቻ ሓማሴን ከተምጽኣሉ ሓበራ። ኣደይ ለተብርሃን ከኣ ኣብ ናይ ላኻ ዘንብል ሽፈንን ኣፋነዋኣ። ፋርማቻ ሓማሴን ወሪዳ ኣብ ጥቓ ባር ትረስተለ በጽሐት። ንኣንጀሎ ክትህቦ እናሰጎመት ከላ ግን፡ ሓደ ወተሃደር "ምንድነው ይህ - ፈንጂ ነው?" (እንታይ'ዩ እዚ ፈንጂ ድዩ?) በላ። ልኣላ ብዝረበ'ቲ ወተሃደር ረድረድ በለት። እንተኾነ እቲ ወተሃደር፡ እንተስ ፈሪሑ እንተስ ዘይተገደሰላ ኮይኑ ገዲፉዋ ከም ዝኸደ ልኣላ ተዘኻኸረ። ሓደ ግዜ እውን ኣቦይ ምንሽር ዝሓዝኦም ተደናጊጺ ናይ'ቲ ስርዓት፡ ኣብ ቤት ባሻይ መብራህቱ ጠያይት ርእዮም ነይሮም። ንሓዋሩ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘብልዮም ወይ ድማ ህይወቶም ዘስእኖም ክስተት እዩ ዝበረ። እንተኾነ እቶም ሰብኣይ ምስጢራ ስድራቤት ብዘበርዎም ጥቡቕ ሌላ ሸለል ኢሎሞም።

ፈዳኢን ህዝባዊ ሓይልታትን ተጋድሎ ሓርነትን ኤርትራ፡ ክቃለስ ዝከኣልን ዘይከኣልን ንህይወቶም ኣብ ሓደጋ ዘእቱን ማስዋእቲ ዝሓተተን ብዙሕ ስርሒታት ኣብ ዝፍጽሙሉ ዝበሩ እዋን፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ብወገኑ፡ ሓበሬታ እናኣከበ ጸዑቕ ሃድን ብምግባር፡ ነቲ ውሽጣዊ ቃልሲ ንምቁጻይ ዘይፈንቀሎ እምኒ ኣይነበረን።



ስ ዉ.እ ኣርኣያ ተስፋስላስየ

ኣማኑኤል (ወዲ ባሻይ) ፈዳኢን ኮይኑ ኣብ ኣስመራ ክንቀሳቐስ ኣብ ዝጸንሓሉ፡ ብመንገዲ ትካል ነዳዲ ናይ ወለዱ፡ ከም'ኡ ድማ ብዝበሮ ምስ ሰባት ናይ ምቅርራብ ተውህቦ፡ ብዙሓት ፈለጥቲ ከጥሪ ከኣለ። በዚ ክእለቱ እዚ ድማ ንሰውራ ዝኾኑ ሰባት እናወደበ ኣብ ተልእኾታቱ የሳትፎም ነበረ። ዝተሳለዮም ተመሃሮ ይኹኑ መንእሰያት፡ ብመኪና ቤት ጉሮሽ ወሰዱ እና'ዛወረ፡ ብዛዕባ ሰውራ ኤርትራ ኣፍልጦ ክህልዎም ብዕላል እናገብረሎ፡ ኣብ ሰውራዊ ዕማማት እጃሞም ከም ዘበርክቱ ይገብር ነበረ።

ካብ'ቶም ብዙሓት ወዲ ባሻይ ዝወደቦምን ጸኒሑ ኣብ ኣሃዱ ፈዳይን ተመዲቡ እጃሙ ዘበርከተን ሓደ፡ ተጋዳላይ ሃይለ ነጋሽ (ወዲ ነጋሽ) እዩ። ወዲ ነጋሽ፡ ኣብ 1968 ብግዜ ሃይለስላሴ ኮማንደስ ተኸቲቡ ኣብ ኣስመራ ጋራዥ ፖሊስ ተመደበ፡ መራሒ መኪና ኮይኑ ይሰርሕ ነበረ። ላንድሮቨር ዝዓይነታ ናይ ፖሊስ መኪና ሒዙ፡ ኣብ ዓበይቲ ሓለዋታት፡ ብሕልፊ ድማ ሃይለስላሴ ናብ ኤርትራ ኣብ ዝመጽኣሉ፡ ንሓለዋ ዝወጽኡ ወተሃደራት ጸዒኑ ናይ ምንቅስቓስ ዕድል ነበሮ።

ስድራቤት ኣማኑኤልን ወዲ ነጋሽን፡ ኣቐዲሞም ጸቡቕ ሌላ ዝበሮም እዮም። ክልቲኦም መንእሰያት ኣጸቢቖም ክቀራረቡ ዝኽእሉ ግን ተጻወትቲ ቀዋማይ ዲሲፕሊን ኩዕሶ እግሪ ኣብ ዝነበሩሉ፡ ብዚያዳ ኣብ ስፖርት ንጥፈት እዮም። ኣማኑኤል ምስ ጋንታ ሰራዩ፡ ወዲ ነጋሽ ድማ ምስ ጋንታ መረብ ይጻወቱ ነበሩ። ብኡ ዝጀመረ ሓድሕዳዊ ፍልጠቶም እናዓሞቐ ምስ ከደ፡ ኣማኑኤል፡ ዕርክነቶም ኣብ ረብሓ ሃገር ንኽውዕሎ "ሃገራዊ ቃልሲ ንኹላትና ዝምልከት ጉዳይ እዩ። ስለ'ዚ ምሳና ዘይትሰርሕ?" ክብል ሓተቶ።

ኣማኑኤል ንወዲ ነጋሽ ክውድቦ ዝደለየ ቀንዲ ምኽንያት ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ኣብ ዝነበሩዎ ምንቅስቓስ፡ በታ ናይ ፖሊስ ላንድሮቨር ከምዝሕግዞም ኣብ ግምት ኣእቲዩዎ እዩ። ናይ ፖሊስ ብምዃና፡ ዋላ ኣብ ተኣፋፊ ቦታ ክንቀሳቐሱ ጉልባብ ክትኮኖም ትኽእል እያ። ወዲ ነጋሽ ፍቓደኛ ኮነ። ኣማኑኤል ብድሕሪ'ዚ "እዛ መኪናኻ ገለ ገለ ናይ ውድብ ዕማማት ክንሰርሓላ ምኽኣልና፡ ከመይ ይመስለካ?" ክብል ሕቶ ኣቕረበሉ። ወዲ ነጋሽ ዋላ'ኳ በታ ንሰራሕ ዝተዋህበቶ ናይ ፖሊስ መኪና ሰራሕ ገድሊ ክፃምም ከቢድ ሓደጋ ከስዕቡ ምዃኑ ይርድኦ እንተ ነበረ፡ በቲ ዝሓደሮ ውዕውዕ ሃገራዊ ስምዒት ክይተማትአ ፍቓደኛ ምዃኑ ገለጸሉ። ስለ'ዚ ድማ ነታ መኪና ብኸመይን መዓስን ክጥቀመላ ከምዝኽእሉ ኣሰፊሖምን ኣዕሚቖምን ተዘራረቡ። ካብ ፋዱስ ክሳብ ሰዓት ክልተ፡ ማለት ካብ ሰዓታት ስራሕ ወጻኢ ክጥቀሙላ ድማ ተረዳድኡ።

ድሕሪ'ዚ ዝ ናይ ፖሊስ መኪና፡ ካብ ቤት ጉሮሽ ናብ ኪዳ ምህረት፡ ከም'ኡ ድማ ናብ እንዳ ኮካ ኣባላት ፈዳኢን ሰሩዓት፡ ኣድለይቲ



ስውእ ተስፋይ በላይ

ሰባት፡ ኣጽዋርን ንገድሊ ዘድሊ ንብረትን ብዓቢ ጥንቃቐ ከመላልሳላ ጀመረ። ወዲ ነጋሽ ነታ መኪና ካብ መዐከር ወጻኢ ንዊሕ ግዜ ክሕዛ ዝበሮ ዕድል ጸቢብ ብምንባሩ ወትሩ ኣብ ትሕቲ ሓደጋ ኮይናም ብተብተብ እዮም ዘንቀሳቕስዋ ዝበሩ።

ኣብ መስከረም 1975፡ ኣብ ባምብቆ ኣብ ዝተገብረ ዶገመ ስርርዕ እታ "104" እትብሃል ዝበረት ኣሃዱ፡ ስማ ናብ "62" ተቐይሩ፡ ዕማማ ስርሒታት ፈዳኢን ናይ ምሕንጻጽን ምፍጻምን ኮነ። እዛ ኣሃዱ "ናርያ" ተባሂላ እውን ትጽዋዕ ነበረት። ሓለፌ ናይ'ዛ 30 ዝኹኑ ተጋደልቲ ዝሓቖፈት ኣሃዱ ስዉእ ኣብርሃም ተኽለ (ወዲ ዓንደሉ) ነበረ። እታ ኣሃዱ ጸጥታ፡ ስርዒትን ቀንጠብን ዝበሃሉ ኣካላት ነበሩዋ። በዚ ድማ ኣማኑኤል መብራህቱ (ወዲ ባሻይ)፡ ተወልደ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ኢልሳ ኣማረ፡ ተስፋይ በላይን (ወዲ በላይ) ካልኦትን ናይ ከተማ ጸጥታ ኮይኖም ተመደቡ። ዘምህረት የውሃንስ፡ ስዉእ ፍስሃየ ሰለሙን፡ ወይኒ ሓጎስ (ኬጪ)፡ ጉብረኣብ ባህልቡ፡ ሕድራይ ፍስሃ፡ ስዉእ ዳዊት ፍስሃየ፡ ስዉእ ሃብተ ክፍለማርያም ዝርከቡዎም ድማ ኣባላት ስርዒት ከተማ ኮኑ።

እዞም ምዑታት ተቓለስቲ፡ ዝተፈላለየ ምስሊ ብምቕያር፡ ህዝቢ ብዘንብረሎም ዝበረ ምትሕግጋዝ ኣብ ምዕናው ትካላት መንግስቲ፡ ምቕንጻል ሃሱሳት፡ መሳርሒ ጸላኢ ዝኾኑ ሓደገኛታት ሰባት፡ ምግዓዝ ንሰውራ ዘገልግል ንብረትን ካልእን ብንጥፈት ይዋስኡ ነበሩ። ኣብዚ ልዑል ትብዓትን ጥንቃቐን ዝሓትት ሓደገኛ ዕማማት፡ ውሑዳት ዘይኮኑ ብሉጻት ተቓለስቲ ተሰዊኦም'ዮም። ብጸላኢ ተታሒዞም ተረሺኖም፡ ኣብ ኣሰም በቓኝ ዝበሉ እውን ደርኩቦም።





# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## ምስጢር መቓብር ኣሌክሳንደር ዓቢ



ንልዕሊ 2,300 ዓመታት፡ ተመራመርቲ ሱ-ታሪኽ መቓብር ኣሌክሰንደር ዓቢ ንክረኽብ ብዙሕ ጻዕርታት ኣካይዶም እዮም። እንተዀነ ክሳብ ሎሚ ዝኾነ ኣንፈት ክረኽቡ ስለ ዘይከኣሉ ሓደ ካብ ዓበይቲ ምስጢራት ዓለምና ኮይኑ ኣሎ።

ኣብ ግዜ ሮማ ገለ ሃጼያት ሮም ናብቲ ኣብ ኣሌክሰንድርያ - ግብጺ ዝርከብ መቓብር ኣሌክሰንደር ዓቢ ከም ዝበጽሑ ዝሞጉቱ ሰነዳት ኣለዉ። ሓደ ካብ ሓለፍቲ ቴራዝም ግብጺ፡ መቓብሩ ኣብ ከባቢ ማራይ ሲዋ ኦኣሰስ ኣብ ዝበሃል ቦታ ከም ዘሎ ይገልጽ። ግብጻውያን 'ኦሙን' ኢሎም ዝጽውዕዎ ኣምላኽ ነበሮም። እዚ ኣምላኽም ድማ ኣብዚ ሲዋ ኦኣሰስ ዝበሃል ቦታ ነበረ። እዚ ቦታ ድማ ብኣሌክሰንደር ፍቱው ቦታ ስለ ዝነበረን ዝበዝሕ ግዜኡ ኣብኡ የሕልፍ ስለ ዝነበረን ኣብ ሲዋ ተቐቢሩ ክኸውን ከም ዝኽእል ግምታት ኣሎ።

ኣብ 321- 320 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ ብመሰረት ፓሳንያስን ፓናን፡ ፕቶለሚ ሓደ ካብ ጀነራላት ኣሌክሰንደር ዝነበረ ንመራሒኡ ኣብ መምፈስ ዝተባህለ ናይ ግብጺ ቦታ ከም ዝቐበሮ ተሰኒዱ ኣሎ። ኣብ ራብዓይ ዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ ኣብ ግዜ ንግስነት ፕቶለማይክ፡ ሬሳ ኣሌክሰንደር ካብ መምፈስ ናብ ኣሌክሰንድርያ ግዒዙ። ኩሉ ሰብ ድማ፡ መቓብሩ ኣብ ኣሌክሰንድርያ ከም ዘሎ እዩ ዝፈልጥ።

ጁልየስ ቄሳር ኣብ 48 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኑቲ ዓቢ ጀነራል ዝነበሮ ክብሪ ንምግላጽ ንመቓብር ኣሌክሰንደር ንኽበጽሕ ናብ ኣሌክሰንድርያ መጺኡ ነበረ። ድሕሪ ግዜ ድማ፡ ንግስቲ ክልዮፓትራ ምስ ሃጼ ሮማ ኦክታቪያን ኣብ እትዋግኣሉ ዝነበረት ግዜ ገዝቦዊ ሓገዝ ንምርካብ ካብ መቓብር እቲ ጀነራል ወርቂ ወሲዳ። ድሕሪ ሞት ክልዮፓትራ፡ ኣገስተስ ናብ መቓብር ኣሌክሰንደር ብምኻድ ዕምባባ ኣብ ርእሲ እቲ መቓብር ድማ ወርቂ ስልማትን ኣንቢሩ ከይዱ።

ካልእ ሮማዊ ተማራማሪ፡ ካሊጉላ ናብ መቓብር ኣሌክሰንደር ብምኻድ ድርዒ ኣፍልቢ ናይቲ ጀነራል ከም ዝወሰደ ይገልጽ። ኣብ 199 ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ፡ ሰፕቲሙስ ሰቨሩስ ናብ መቓብር ኣሌክሰንደር ብምኻድ ምእንታን እቲ መቓብር ከይዝመት ካብቲ ዝነበሮ ከልዕሎ ኣዘዘ። ኣብ 215 ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ፡ ካራካላ ንብረት ናይ ኣሌክሰንደር ዓቢ ከም ቁልፉ፡ ካትምን ካልእ ክቡር ንብረቱን ኣብ ሳንዱቕ ሬሳ ኣቐመጦ። ድሕሪዚ ፍጻመ ኣብ ኣሌክሰንድርያ ብዘጋጠመ ሱናሚን ምንቅጥቃጥ መሬትን ነታ ከተማ ኣዕነዋ። ብዘይካዚ ጸፍሒ ባሕሪ ብምውሳኹ መቓብር ኣሌክሰንደር ጠፊኡ።

ዋላ'ኳ መቓብር ኣሌክሰንደር ዓቢ ኣብ ከተማ ኣሌክሰንድርያ ከም ዘሎ ምሉእ ብምሉእ እምነት እንተ ሃለወ፡ እቲ ልክዕ ቦታ ንምርካብ ግና 140 ግዜ ፈተነታትን ብዙሕ ድልያን ተኻዒዱ ክሳብ ሕጂ ግና እቲ ልክዕ ቦታ ክርከብ ኣይተኻእለን።

ብዙሓት ምሁራት ናይ 19 ዘመን ከም ታሰስ ኔሮትሰስ፡ ሀይንሪች ካይፐርትን ኣርንስት ቮን ሴግሊን ምስዚ ዝሰዕብ ክልሰ ሕሳብ ይሰማምዑ እዮም። ኣብ 1850፡ ኣምብሮይስ ችሊዚ ኣብ ኣሌክሰንድርያ ሓደ መስገድ ከም ዝረኸበ ገሊጹ። መቓብሩ ድማ ካብ ዝምታን ስርቅን ንምድሓን ኣብዚ መስገድ ተሓቢኡ ክህሉ ከም ዝኽእል ኣረድኡ። እንተዀነ ኣብዚ መስገድ ዝኾነ ምርምር ንኸካይዱ ፍቓድ ክረኽቡ ኣይከኣሉን።

ካልእ ክልሰ ሓሳብ ድማ ከምዚ ይብል፡ ኣዕራብ ንኣሌክሰንድርያ ምስ ተቖጻጸሩዋ፡ ኩሉ ናይ ካልእ ሃይማኖት ዝነበረ ኣሰር ከጥፍኡ ብምድላይ፡ ኑቲ ከም ኣምላኽ ዝሕሰብ ዝነበረን ኣምልኾት ዝተዋደሉ ዝነበረን መቓብር ኣሌክሰንደር ደምሲሶም።

ኣብ 2014 ሓደ ንመላእ ዓለም ዘሰንበደ ዜና ተዘርጊሑ። እቲ ብመቓብር ኣሌክሰንደር ዝፍለጥ ዝነበረ ቦታታት ናቱ ዘይኮነ፡ መቓብር ናይ ኣዴኡ ኦሊምፒያስ ወይ ሰበይቱ ሮክሳንን ከም ዝኾነ ተገሊጹ።

እዚ መቓብር ንምርካብ ንብዙሕ ዓመታት ብዙሕ ጻዕሪ ዝተኻየደ ኮይኑ ተፍትሻን እኳ እንተ ተኻየደ፡ ክሳብ ሎሚ ግና እቲ ልክዕ መቓብር ኣሌክሰንደር ዓቢ ክርከብ ኣይተኻእለን። ንዓለም ድማ ግድሉ ዘይተፈትሐ ኣርእስቲ ኮይኑዋ ኣሎ።

## ቀቢላ 'ዉዳቢ'

ኣባላት ቀቢላ 'ዉዳቢ'፡ ኣብ ሰሃራ - ኒጀር ምስ ሄሩር ቀትርን ቀዝሒ ለይትን ተሳጊዮም ብመጓሰ ይነብሩ። ኣብ ክረምቲ፡ ሳዕሪ በቒሉ ከብቶም ስለ ዝስብሑ፡ ዉዳቢ - "ህይወት ክልተ ገጽ እዩ ዘለዋ - ሓገሰን ምረትን" ኢሎም እዮም ዝዛረቡ። ደቂ ተባዕትዮ ዉዳቢ፡ ወጋሕታ ብምትንሳእ ኣእዳዎምን ገጾምን ይሕጸቡ። ኑተን ኣብ ቅድሚ ኣጉቶም ዝሓደራ ከብቶም ብዒይኖም ድሕሪ ምኽላል ከኣ፡ ሓዊ ኣጉዶም ሻሂ የፍልሑ። ሻሂ ምስ ፈልሐ፡ ንኣኽስቶምን ደቀምን ኣተኽሲኦም፡ ካብ'ታ ካብ የማይቲ ኢዶም ዘይትፍለ ናይ ቀርበት ንእሽቶ ሳንጣኦም ሽኮር ብምውጻእ፡ ክቐድሑሎም ይጅምሩ። እታ ኣደ ድማ፡ ካብ'ተን ከብቲ ጸባ ሓሊባ ንደቃ ተሰቲ።

ደቂ ኣንስትዮ ዉዳቢ፡ መጻምድተን ናይ ምምራጽ ምሉእ መሰል እዩ ዘለወን። እተን ብዕድመ ዕብይ ዝበላ ኣደታት፡ ሳዕለዋይ ክፋል ኣካላተን (ካብ ማዕጥቆአን ንላዕሊ) ኣይሸፍናን እየን። ዓሰርተ ዓመት ዝገበረት ህጻን ከኣ፡ ብሕብሪ ዘሕጸን ዓበይቲ መላገም ዘለዎን ምሉእ ክዳን ትኽደን። መበል 17 ዓመታ ምስ በጽሐት ድማ፡ ካብ'ቶም ንመርዓ ዝሓተቱ መንእሰያት፡ ኑቲ ደስ ዝበላ ብምምራጽ ሓዳራ ትምስርት።

ኣብ ዉዳቢ፡ ጸምብል መርዓ እቲ ዝቐለለን ብዙሕ ወጻኢታት ዘይግበሮን ኢጋጣሚ እዩ። እታ መርዓት በኽሪ ውላዳ ምስ ተገላገለት ግን ዓቢ ጸምብል ይካየደላ። ሓሙሻይ ወርሓ ዝረገጸት ነፍሱ ጾር፡ ናብ እንዳ ስድራኣ ብምኻድ ኣብኡ ኮይና ትሓርስ። ውላዳ ክልተ ዓመት ምስ ገበረ ድማ፡ ናብ ሓዳራ ትምለስ እሞ፡ መቐርጣን መሓዙታን ብርኽት ዝበለ ካብ ሓምሓም ዝተሰርሐ ኣቕሑ ገዛ ይሀብዋ። በዓልቤታ፡ ካብ ላኻ ዝተሰርሐ ማሕለኻ ብምሃብ - "እዘን ኩለን ኩብቲ ናትኪ እየን" ይብላ። ሓንቲ ሰበይቲ ላም ብምሕራድ ድማ፡ ንሰሙን ዝቕጽል ጸምብል ይካየድ።

ደቂ ተባዕትዮ ዉዳቢ፡ ኣብ ምምልካዕ ኣዝዮም እዮም ዝግደሱ። ፍሩያት ኣዒንትን ጻዕዳ ኣስናንን፡ ቀጢን ኣካላትን እቲ ቀንዲ መግለጺ ጽባቐ ብምዃኑ፡ እዮም ዘይመስሉ ኣጉባዘ ዓመታዊ ኣብ ዝካየድ ፈስቲቫል ኣሞግል "ጀሮል" ብምስታፍ፡ ንዘለዎም ጽባቐ ከንጸባርቑ ይጽዕሩ። ደቂ ተባዕትዮ፡ ኩሉ ኣገባብት መጸባበቒ ክጥቀሙ እንከለዉ፡ ደቂ ኣንስትዮ ግን እንተርፎ ገጸን ብዓይይ ምሕጻብ ካልእ ኣይገብራን እየን። እተን ዘይመስላ ጎራዙ ኣብ'ቲ ፈስቲቫል ብምስታፍ፡ ካብ'ቶም ክስዕሰው ዘማስዩ መንእሰያት ኑቲ ደስ ዝበለን ይመርጻ። ሓንቲ ጎርዞ ኣቐዲማ ዓይና ዘውደቐትሉ መንእሰይ፡ ካልእ ክትወስዶ ኣይትኽእልን እያ። ምስ ብዓል ቤታ ምንባር ዘጸልኣትን ዘይወለደትን ዉዳቢ፡ ናብ'ቲ ፈስቲቫል ብምኻድ፡ ንዓኣ ዝኸውን መንእሰይ ትመርጽ። ፍትሓደኛ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ሕጊዞዋ ብምኻድ ኣብ በረኻ ይሓብኡ። በዓል ቤታ፡ ኣብ ዓበይቲ ዓዲ ብምኽሳስ ካሕሳ ይሓትት። ሽዑ፡ ስድራ ናይ'ቲ ወድን እታ ብዓልቲ ቤቱን ሓቢሮም ሓደ ጻዕዳ በጊዕ ከሺናም ይህቡዎ። ብድሕሪ እዚ፡ ንሳ ምስ'ቲ ዝመረጸቶ ትነብር።



## ፈስቲቫል "ቻቫንግ ካት"

ቻቫንግ ካት ኣብ ሕብረት ሰብ ቺከም ኣብ ምዝዛም ቀወዲ ዝጽምበል ፈስቲቫል እዩ። ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ወርሒ ሕዳር ድማ ይጅመር። ቻቫንግ ካት 3 ሽሕ ዕድመ ዘለዎ ፈስቲቫል እዩ። ከብቲ፡ ቺን፡ ሚዞ ዝተባህሉ ቀቢላ ድማ ልዕሊ ካልኦት ብሄራትን ቀቢላታትን ብፍሉይ ይጽምብልዎን የብዕልዎን። ዕላማ ናይ'ዚ ፈስቲቫል ምህርቲ ንዝዓዘዞም ኣምላኾም ንምምስጋን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ኣብ ምዝዛም ቀወዲ ዝበዓል።

ቻቫንግ ካት ክትርጐም ከሎ ድማ፡ ቻቫንግ ዝብል ቃል ቀወዲ ክኸውን ከሎ፡ ካት ዝብል ቃል ድማ ምእካብ ምህርቲ ማለት እዩ። ናብ ኣምላኾም ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ ኣብ ሃገሮም ሰላም፡ ጥምረትን ሃብትን ክኸውን ናብ ኣምላኾም ትምኒቶም የዕርጉ።

ኣመጻጽኣን ኣጀማምራን ናይዚ ፈስቲቫል ንጹር እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ሓደ ካብቶም 12 ነገስታት እስራኤል፡ ምናሴ ዝተባህለ ነገድ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ወራር ንቅድሚ ባሕሪ ሰጊሩ ክሰደድ ከሎ፡ ሰናይ ጉዕዞ ክኾነሉ ብምምናይ 'ካት' ዝተባህለ ናይ ቀወዲ በዓል ከም ዘብዓለ ዝገልጽ ኣፋዊ ዛንታ ኣሎ። መበገሲ ናይ'ዚ ፈስቲቫል ድማ እዚ ዛንታ ከም ዝኾነ ይንገር።

ቻቫንግ ካት ኣብ ሚዞፑር ካብ ዝግበሩ ፈስቲቫላት እቲ ዝዓበየ እዩ። እዚ ፈስቲቫል ከመይ ክኸውን ኣለዎ ዝገልጹ ጽሑፋት ወይ ሕግታት እኳ እንተ ዘይሃለዉ፡ ኩሎም ቀቢላታት እዚ ቦታ ኣኽቶም ባህላዊ ሳዕስዒታት የቕርቡ። ናብዚ ፈስቲቫል ዝመጽእ ሰብ ኩሉ ንብሄሩ ዝገልጽ ባህላዊ ኣኽዳደና ይኽደን። እዚ ፈስቲቫል መንእሰያትን ዓበይትን ብማዕረ ዝሳተፍዎ ወዕወዕ ፈስቲቫል እዩ። 'ካንግቶይ' ዝበሃል ጸወታ ድማ ይጻወቱ። እዚ ጸወታ ብመንእሰያት ዝጽወት ኮይኑ፡ ንዝሓየለ መንእሰይ ዝመርጽ ውድድር እዩ። ሓደ ካብቲ ጸቡቕ ነገር ናይ'ዚ ፈስቲቫል፡ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ማዕረ እቶም ደቂ ተባዕትዮ ናይ ምስታፍ ዕድላት ዝወሃበን ምዃኑ እዩ። ከምኡ'ውን ዝሓየለ ወዲተባዕታይ ዝምረጸሉ፡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ውድድር ቁንጅና የካይዳ።

ዝተፈላለዩ ባህላዊን ዘመናውን ስፖርት ይካየዱ። ካብ ሩዝ ዝተሰርሐ ኣልኮላዊ መስተ ድማ ይዝበሩ።

ኣዳለውቲ ናይ'ዚ ፈስቲቫል 'ካት ማራቶን' ብዝብል ስም ውድድር ጉያ ማራቶን ኣብ ከተማ ሞረህ የዳልዉ። ቴማ ናይ'ዚ ውድድር፡ 'ንጥምረትን ብዙሕነትን ጉያ' ዝብል እዩ።



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHT |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄራር |
| 14:30 | ፊልም ቻይና |
| 15:15 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:40 | ህርመት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም- መስተግክር |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

. Position: Auto Electrical
Supervisor Department: Mining
Number required: One (01)
Primary Purpose

- Leading auto electricians to maintain auto electrical activities and or repair within HME equipment sections.

MAIN FUNCTIONS

- The Auto Electrical Supervisor shall be responsible for scheduling, coordinating and supervising the work of all HME equipment section operatives.
- The Supervisor shall ensure that all work is delivered safely on time and within budget managing equipment and materials required. This involve guaranteeing that, all company and regulations are implemented, that all required documentation is completed as necessary and recording daily work appropriately in accordance with the department's requirement.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Ensuring auto electrical maintenance and repairs of the primary excavators at BMSC is carried out in an efficient and effective way in order to minimize equipment down.
- Ensuring that routine and random equipment and work environment inspections are conducted to standard and documented accordingly to the stipulated mine procedures.
- Assisting section members in conducting failure analysis investigating of reoccurring or unique failure for the purpose of avoiding repeated failure as well encouraging innovation and creating.
- Leading in identifying and implementing cost saving initiatives within the section.
- Ensuring that all section personnel have job relevant training requirements to carry out tasks assigned to them.
- Leading Labor and materials management process in the section to ensure efficient management of resources, thus, sustaining efficient Labor utilization and avoiding parts run out.
- Ensuring that all work performed within the section is documented according to the requirements of the HME department CMMS system.
- Ensuring that tasks are completed on time and within budget.
- Ensuring that all work is carried out according to standard operating procedures ensuring integrity of the equipment is guaranteed (equipment reliability maintained) and personnel work in a safe environment.
- Forecasting, planning and executing major tasks such as machine mid -life maintenance and major component replacement.
- Managing of costs within the section and writing detailed equipment performance reports which should include equipment reliability projections.
- Assisting the superintendent in driving the process of skills transfer to national employees by ensuring that, the expats are allocated national artisans to coach and ensuring periodical review of performance is conducted.
- Managing employee's performance goals. Thus, setting clear goals, determining key job responsibilities, identifying and using skills, coaching and giving continuous feedback, and providing an objective appraisal of performance for the subordinates.
- Implementing company requirements and legal regulations, paying specific attention to health, safety and environmental legislation and quality.

UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION

- Candidate must be physically fit.
- Candidate must be able to work under severe conditions such as heat, wind and dusty environments.
- Candidate must be able to work at heights (various kinds of vehicles & equipment).

Qualifications: Knowledge and Experience
o Formal Trade (Auto electrician) main o 5 - 10 years relevant focus heavy mining equipment experience supervising and maintaining heavy mining equipment.

Technical Skills　　Behavioral Skills
o Computer Literacy (MS Office – o Communication (English), Intermediate), Attention to detail, Assertiveness, Interpersonal Analytical skill, Electrical experience, Relations, Integrity,
Problem solving skill, CAT SIS, CAT　Prioritizing skills & multi-
ET, Diagnostic computerized tooling skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy, Discretion, Self-motivation,
Follow standard set procedures.

General Information and other requirements:

- Place of Work: Bisha.
- Salary: As per Company salary scale.
- Type of Contract: Indefinite

Additional requirement for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

Address: Please mail your applications to:
Bisha Mining Share Company, P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to:

1. Aliens Employment permits Affairs,
   P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.
2. Mineral Resources Management
   P. O. Box 272
   Asmara, Eritrea

## ምስጋና



ብድንገታዊ ዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ጆሜትራ ኢሳይያስ ምሕረትኣብ ዘርአ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ናብ ደቀምሓረ ደምበዘን ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ቤትና ብምምልላስን ኣብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና መቕርብ ፈተውቲ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ምሕረት ቦኽረ
ምስ ደቃይን ምሉኣት ስድራቤትን

ብስም ርሻን ገብርሂወት ጓንጉል ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋ፣ን ASL00031943 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ኣብዚ ቁ.ገዛ-ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካሊይ ወ/ሮ ኣስላ ሓምደረቢ ትማርያም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ኣብዚ ቁ.ገዛ ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ርሻን ገብርሂወት ጓንጉል
ሕጋዊ ወኪል ብጹእኣምላኽ ባርያጋብር

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ናትናኤል ልዑል እምባዬ፡ በዓልቲ ቤተይ ሃና ሃብተማርያም ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ትብለጽ ዘርኣያስ ዓንደም፡ ኣደይ ኣልጋሽ ገብረእግዚኣብሄር ንጉሰ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስታ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ብፍ/ብ/መሰል ኣቶ ዑቕባሚካኤል ወልደየውሃንስን ብፍ/ብ/ ዕዳ ወ/ሮ ፍረወይኒ መሓመድብርሃን በርሀ፡ ጉዳይ ከምዝለዎም ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብፍ/ብ/ዕዳ ንዓኺ ዝምልከት ጉዳይ ስለዘሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ35 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣብመንጎከሰስቲ ኣቶ ፈልሞን ገብረያናስ፡ ኣቶ ክብሮም ገብረያናስ፡ ተኸሰሲ ኣቶ ኤፍሬም ገብረያናስን ጣልቃ ኣታዊት ወ/ሮ ሳምራዊት ኢሳቕን ዘሎ ናይ ሓብር ሃብቶም ብማሰረት ውዕሎም ምክፍፋል ጉዳይ፡ ተኸሰስን ጣልቃ ኣታዊትን ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዖም ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ተኸሰሲ ተስፋሚካኤል ተኽለማርያም፡ ብኸሰሲት መኣዛ ጎዕዳድ፡ ኤርምያስ ተኽለማርያም፡ ሰምሃር ተኽለማርያም፡ ዊንታ ተኽለማርያም ንስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ኣብልዕሊኹም ማስረቶም ስለዘለው፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ኣብ መንጎ ብፍ/ብ/መሰል ኣቶ ጺጋይ ደበሳይ መብራህቱ፡ ብፍ/ብ/ዕዳን ኣቶ ሰዩም መድሕን ፋይጋ 2.ወ/ሮ ትርሓስ ተኽልየስ ኖር ዘሎ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ፡ ብፍ/ብ/ዕዳ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ወረ/ፍ/የውሃንስ ኤልያስ፡ ሳምሶም የውሃንስ ኤልያስን ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ያሲን መሓመድ ሰዒድን 1.ሳምያ ያሲን መሓመድ 2.ሓያት ያሲን መሓመድ 3.ብርሃን ያሲን መሓመድ ዘሎ ናይ ግዚዝብ ክርክር ጉዳይ፡ ካብ ተኸሰስቲ 1.ሳምያ ያሲን መሓመድ 2.ሓያት ያሲን ኣድራሻኽን ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕክን ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጣ።

ሄሰዳ ፊልሞን የማ፡ ኣቦይ ፊልሞን የማ ኣስፋሃ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ጺጋ ኣርኣያ ተስፋሚካኤል፡ ኣቦና ኣርኣያ ተስፋሚካኤል ኣፍለ ስለዝዋረረ፡ ኣነ 2 ኣሕዋተይ ወረስታ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ሓበን ተስፋይ ተወልደመድህን ምግባል ተሪፉ፡ ሓበን ጺጋይ ፍስሃ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ተኸሳሲ ኣቶ ኣስመላሽ ርእሶም ገብረማርያም፡ ብከሳሲት ወ/ሮ ለድያ ኣለምሰገድ ኣርኣያ ንጉዳይ ኣጦት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣቶ መንግስትኣብ ተስፋሚካኤል ፍስሃዬ፡ ተጸዋዕቲ 1.ወ/ሮ ምብራቕ ተስፋሚካኤል ፍስሃዬ 2.ኣቶ ኣንገሶም ተስፋሚካኤል ፍስሃዬ 3.ኣቶ መሓሪ ተስፋሚካኤል ፍስሃዬ፣ ጥፉኣት ተባሂሉ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ፎቶ ገብረእግዚኣብሄር ፎቶ፡ ሓብተይ ኪዳን ገብረእግዚኣብሄር ፎቶ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስታ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ርግኣት መዝሎ ኣበደም፡ በዓል ቤተይ ሞኣዘን ኣስገዶም መንደር ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣስካሉ የማን ብኢዱ፡ በዓል ቤተይ ተጋ/ገብረእግዚኣብሄር ሓጎስ ሃይለ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሰለሙን መሓሪ ዘመደ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሰላማዊት ሞኮስ ግርማ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ወ/ሮ ኣስካሉ በየነ ሓይሎም፡ ኣዴና ኣብርሀት ባይሩ ጉበረ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ የሴፍ ኢሳቕ ወልደኪዳን፡ ኣደይ ኣልማዝ ደስታ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሳይሞን ኣለም ኣርኣያ፡ ኣለም ኣርኣያ መሓሪ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ኣቶ የናስ ኣፈወርቂ ተስፋገርግሽ፡ ወለደይ ኣፈወርቂ ተስፋገርግሽ ገለን ኣብርሀት ባህታ ሓደገን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስታ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጉዕይ ዑቕባሚካኤል ልብሰቃል፡ በዓል ቤተይ ብርሃ ክብሮም ግደ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሃንሱ መልኣከ፡ በዓል ቤተይ መሓሪ ወልደስላሴ ወልዱ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሀት ብርሃ ኣስካሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃለይ ኪዳነ ተስፋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ዛይድ በርኸትኣብ ገብረልኡል፡ በዓል ቤተይ እሰያስ ሃብተማርያም ኪዳነ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተብርህ ተኽለ መሃዝል፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ኪዳነ ዑቕባይ ተስፋይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምልእተ ኣብርሃ ኪዳኑ፡ ኣቦይ ኣብርሃ ኪዳነ ገብረእየሱስ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣስማይት ሃይለ ፍስሃጼን ምግባል ተሪፉ፡ የርሳሌም ሃይለ ፍስሃጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሉተኺዳን ወልደስላሰ ተስፋሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ሃብተ ዓንደ ሓገስ ስለዝዋረረ፤ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልናም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋሚካኤል ግደይ ምግባል ተሪፉ ተስፉ ግደይ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


## ብስራት ካብ መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ብኣዝዮም ምኩራት መማህራን ንኹሎም ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ኣብ ዘዘጥዕሞም ሰዓታት ስልጠና ይህብን ከምቲ ልሙድ ክረምታዊ ምዝገባ'ውን ጀሚሩ ከምዘሎ ይሕብር።

### ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ ትምህርቲ ኮምፒተር | ➢ Graphics (CC-2017) |
| ➢ ኤሌክትሮኒክስ L-1 | ➢ Editing (CC-2017) |
| ➢ ጽገና ኮምፒተር | ➢ Mobile maintenance |
| ➢ ምስኣል ብደረቅን ተንቀሳቓሲ ካሜራ | ➢ Principle of Accounting + Peachtree |
| ➢ ኣውቶካድ | ➢ Peachtree and Tally software |

### ብተወሳኺ፥

1. Electronics Level 2 and Level 3
2. Printer and Photocopier maintenance
3. Graphics Level 2 (Illustrator and In Design)

፥ 2ን ልዕሊኡን ስልጠና ንዘወስዱ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ንገብር

፥ ንኹሎም ተማሃሮና ምትካል ድሽ ብነጻ ንምህር

ኣድራሻና፥ ንመጓዓዝያ ምቹእ ኣብ ማእከል ከተማ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ጎድኒ ዶር. ማሕሙድ ሕክምና ስኒ'ዩ።

ቴሌ. 07204551/07218432/112244


ኣነ ኣስረስ ባይሩ ገብረኣብ ዝተበሃልኩ፡ ክልተ ወለደይ ኣቶ ባይሩ ገብረኣብ መሓሪን ወ/ሮ ሙብራት ስብሃቱ በራኺን ኑቲ ኣብ ዓዲ ሰጉዶ ዝርከብ ገዛ ቅድሚ 50 ዓመት ዝተሰርሐ ሓደ ህድሞን ሰለስተ ክፍሊ መረባዕን ካንሸሎ ብላዕልን ብታሕትን ዘለዎ ንብረቶም ዝኾነ ገዛ ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብ28/9/24 ዓ/ም ቀሪቡ ብመዝገብ ቁጽሪ 289/2004 ፈሪሞም ንዓይ ብውህቡቶ ስለዝሃቡኒ፡ ዋንነት ናይዚ ገዛ ካብ ስሞም ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታዮን ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣስረስ ባይሩ ገብረኣብ

ኣብ ዞባ ስ/ቀ/ባሕሪ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ከባቢ 2 ምም/07 ካምጥ ማርታ ኣብ ዝበሃል ቦታ፡ ስፍሓት መሬት 460 ት/ሜትር፣ ስፍሓት ገዛ 64.71 ት/ሜትር ዝኾነ፡ ብስም ኣቶ ኣቡዲ ጉበሩ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 201175 ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ኣባይቲ ምጽዋዕ ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ኦርጂናል ሊብሬቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበሃል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07239849 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክሕብረኒ እላቶት። እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ክወሃበኒ ምዃነይ ብትሕትና ኣመልክት።

ማሕሙድ ሳልሕ ማሕሙድ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## “ፈጣሪ እዩ መሪጹኒ” መሲ

ድንቂ ተጻዋታይ ሊዮኔል መሲ፡ ናይ ኩዕሶ እግሪ ብሉጽነቱ ‘ህያብ’ ፈጣሪ ምዃኑን ፍሉይ ክኸውን ፈጣሪ ከምዝመረጾን ገሊጹ።

ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ዝኾነ መሲ፡ ሸሞንተ ግዜ ሽልማት ባሎን ድ’ኦር ዝረኸበ፡ ብርክት ዝበሉ ናይ ውልቂ ሽልማት ዓቲሩ እዩ። ምስ ሃገሩ ዋንጫ ዓለም ዝዕተረ እዚ ኣርጀንቲናዊ፡ ምስ ዝተፈላለየ ክለባት ብምዃን ድማ፡ 44 ዋንጫ ብምልዓሉ ብዙሓት ዓወታት ልዕሊ ኩሎም - ዘለዉን ዝሓለፉን ተጻወትቲ ከም ዝሃመት ጸብለል ይብል።

መሲ፡ ብዛዕባዚ ዕዉት ናይ ጸወታ ግዜኡ ክዛረብ እንከሎ፡ “ከምዚ ኮይነ ክውለድ ፈጣሪ እዩ መሪጹኒ። ንዓይ ዝሃበኒ ህያብ እዩ። ክረብሓሉ ኩሉ ዝከኣለኒ ነገር ገይረ እየ። ሓቂ እዩ ብዙሕ ነገር እኳ እንተገበርኩ፡ ዚ ሕጂ ዘለኹዎ ተጻዋታይ ክበቅዕ ግና ብንእስነተይ ዝኾነ ዝገበርኩዎ ኣይነበረን።” ኢሉ።

እዚ ብቐደሚ ትማሊ 24 ሰነ - 37 ዓመት ዝመልአ ኣጥቃዓይ፡ ዋላ’ኳ ንዕኡ ቀልጢፉ ኣይሰቀሮ፡ ዕቜር ጺጋ ኩዕሶ እግሪ ከምዝለዎ ግና፡ ከሎ ጌና ንእሽተይ እንከሎ ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ወገናት ከምዝቕልቡሉ ይገልጽ።

“ካብቶም መጻወትተይ ፍሉይ እየ ነይረ። ሰባት ንዓይ ክርእዩኒ ይመጽኡ ነይሮም። ኣብቲ ግዜ ኣይርደኣኒን እዩ ነይሩ፣ እንተኾነ ዕድመ እናወሰኽኩ ብዝኸድኩ ክርደኣኒ ጀሚሩ። ወዲ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመት እንከለኹ፡ ብዛዕባ ዋንጫ ዓለም ኮነ ካልእ ውድድር ዝኾነ ኣፍልጦ ኣይነበረንን። በቓ፡ ኩዕሶ ምጽዋት ጥራይ፣



ምኽንያቱ ጸወታ ኩዕሶ እፈቱ ነይረ፣ ፍሉይ ፍቕሪ ነይሩኒ። ኩሉ ግዜ ኩዕሶ ኣብ ምጽዋትን ምሳይ ዝጻወቱ ክርኢን እየ ዘሕልፍ ነይረ። ምስኡ እየ ተወሊደ።” ክብል፡ ተዘክሮ ግዜ ንእስነቱ ንድሕሪት ተመሊሱ የዘንቱ።

መሲ፡ ወዲ 13 ዓመት እንከሎ፡ ካብ ዝተወልደላ ከተማ ሮሳርዮ - ኣርጀንቲና፡ ናብ እስጳኛ ከተማ ባርሴሎና ከምዝመጸ ይገልጽ። ኣብ ማሰልጠኒ ማእከል እዛ ጋንታ ‘ላ ማሲያ’ ተመልሚሉ ከኣ፡ ካብ 2004 ጀሚሩ ምስ ዓባይ ክለብ ባርሳ ፕሮፌሽናል ጸወታኡ ፈሊሙ። ን17 ዓመታት ኣብ ኩሉ ውድድር ኣብ 778 ግጥማት ክጻወተላ እንከሎ፡ 672 ሸቶታት ኣመዝጊቡላ። ኣብዚ ዝበለጸ ናይ ጸወታ ግዜኡ ከኣ ኣለዉ ዝበሃሉ ናይ ውልቂን ናይ ጋንታን ክብርታት ኣልዒሉ፡ ብ2021 ናብ ፒኤስጂ ኣቐኒዑ። ድሕሪ ክልተ ዓመታት ከኣ ካብ ኤውሮጳ ብምውጻእ ኣብዚ እዋን ምስ ኣመሪካዊት ክለብ ኢንተር ሚያሚ ኣብ ምጽዋት ይርከብ - ሊዮኔል ኣንድረስ መሲ።

## ነገረ ሮናልዶ


ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ ንሃገሩ ኣብ ምቕላስ ዝርከብ ፖርቱጋላዊ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ዛጊት ኣብተን ዘካየደን ክልተ ናይ ምድብ ግጥማት፡ ምስ ዕድመኡ ብምንጽጻር ኣገራሚ ምዃኑ ዝተገልጸ ስታትስቲክስ ኣጽሒፉ።

እዚ ወዲ 39 ዓመት ብርቂ ኣጥቃዓይ፡ ኣብተን ንቸክ ሪፓብሊክ 2ብ1፡ ንቱርኪ ከኣ 3ብ0 ዝሰዓረሉ ግጥማት ምሉእ ጸወታ ከምዝተሰለፈ ይዝከር። ዋላ’ኳ ዛጊት ሸቶ ኣየመዝገበ፡ ንደቂ ጋንታኡ ኣብ ምምእዛን ዝጻወቶ ዘሎ ተራ ግና ልዑል እዩ።

ብፍላይ፡ ኣብታ ንቱርኪ ዝሰዓረላ ጸወታ፡ ምስ ሓላዊ ልዳት ፊት ንፊት ተራኺቡ ባዕሉ ከመዝግብ እናኸኣለ ንወዲ ጋንታኡ ብሩኖ ፈርናንደዝ ኣቐቢሉ ኣብ ጥርሑ ልዳት ዝቐለለት ዕድል ዝፈጠረሉ፡ ብብዙሓት ወገናት ከምዝንኣድ ገይሩዎ እዩ።

ከምዚ ዓይነት ኢጋጣሚታት ክርኣይ ናይ ፈለማ ኣይኮነን። ሮናልዶ ግና፡ ብሓፈሻ ኣብ ዝኾነ ውድድር ንዝለዓለ ኣመዝጊቢ ሸቶ ኣብ ዝግበር ቅልስ ተወዳዳሪ ስለዘኾነ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ንዝለዎ ክብረ-ወሰን ብዙሓ ሸቶታት ክውስኸሉ እተኽእሎ ዕድል ብምንባሩ እዩ፡ ፍሉይ ጠመተ ክረኽብ ኣኽኢሉዎ።





ብሓፈሻ፡ ሮናልዶ፡ ምስዛ ጋንታ ምህላዉ ረብሓ ዶ ወይስ ጾር? ዝብል ናይ ገለ ተንተንቲ ዘረባ ንነድኒ ገዲፍና፡ ኣብዘን ክልተ ግጥማት ብኣካላዉን ተኽኢላውን መዳይ ብሉጽ ምህላዉ ይትንተን።

እዚ ሓለቓ ጋንታ፡ ኣብዘን ክልተ ናይ ዩሮ 2024 ጸወታታት፡ ኣብ ሰዓት 32.7 ኪሎሜተር ብምጉያዩ፡ ድሕሪ ዋንጫ ኤውሮጳ 2012 እቲ ዝለዓለ ፍጥነቱ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ። ኣብ ዩሮ 2012፡ ወዲ 27 ዓመት እንከሎ፡ 32 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት እዩ ሃሪሙ ነይሩ። ዋንጫ እዚ ውድድር ኣብ ዘልዓለሉ ናይ 2016 ማሳናድኦ ከኣ 29.1 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት፣ ኣብ 2020 ድማ 29.7 ኪሎሜተር ሃሪሙ ነይሩ።

በዚ ኸኣ፡ እዚ ጉዱም ኣጥቃዓይ፡ ኣብዚ ኤውሮጳዊ ውድድር ኣብ መበል 39 ዓመቱ እቲ ዝለዓለ ፍጥነት ብምስናዱ እዩ፡ ኣገራሚ ገይርዎ ዘሎ። እዚ ሕጂ ኣመዝጊቡዎ ዘሎ ስታትስቲክስ ድማ፡ ጫማኡ ክሰቕል ጌና ምህላዉ ከምዝርኢ ይግምገም - ዋላ’ኳ ዕድመኡ ብዓይኒ ኩዕሶ እግሪ ‘ኣረጊት ናብ ናይ መውዳእታ ናይ ጸወታ ግዜኡ በጺሑ’ ዝብል እንተኾነ። እዚ ከኣ እንተጸዓረን ኣእምሮኻ ብዘዮጎ እንተኣስሪሕካዮ፡ “ዕድመ ቁጽሪ” ምዃኑ ዘርኢ እዩ።


እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ሮናልዶ፡ ቡታ ንፈርናንደዝ ዝፈጠረሉ ዕድል (ኣሰስት)፡ ምስ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ቸክ ሪፓብሊክ ካሬል ፖቦርስኪ ተደሪቡ፡ ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኩሻ ዕድላት እዚ ውድድር ክኸውን ክኢሉ እዩ - ብሸሞንተ ዕድላት። ሮናልዶ፡ ብ14 ሸቶታት - ዝለዓለ ኣመዝጋቢ፡ ብ27 ግጥማት ድማ ዝለዓለ ተሰላፊ ዋንጫ ኤውሮጳ እውን እዩ።

## ሞድሪች፡ ክብረ-ወሰን ሰይሩ

ሓለቓ ጋንታ ክሮኤሽያ ሉካ ሞድሪች፡ ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ኤውሮጳ ዝዓበየ ኣመዝጋቢ ሸቶ ኮይኑ - ብቐደሚ ትማሊ ሸቶ ብምቑጻሩ።

ሞድሪች፡ ኣብታ ሳልሰይቲን ወሳኒትን ናይ ምድብ ግጥም ምስ ኢጣልያ ዘካየዱላ ምሸት፡ ኣብ መበል 54 ደቒቕ ፍጹም ቅላዕ ስሒቱ እዩ። እንተኾነ፡ ድሕሪ 32 ካልኢታት መሪሕነት ዘትሓዘየም ሸቶ ብምቑጻሩ፡ ዝኸሰራ ዕድል መሊሱ።

ብዓብኡ ከኣ ኣብ መበል 38 ዓመትን



289 መዓልታትን እንከሎ ስለዘመዝገቦ፡ ኣብ ታሪኽ እዚ ውድድር ዝዓበየ ኣመዝጋቢ ሸቶ ክኸውን ክኢሉ። ዚ ክብረ-ወሰን፡ ፖላንዳዊ ሚሺካ ቫስቲን እዩ፡ ኣብ 2008 - ኣብ መበል 38 ዓመትን 257 መዓልታትን ሸቶ ብምምዝጋቡ ሒዚዎ ጸኒሑ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ልዕሊ ሞድሪች ዝዓበዩ ክልተ ተጻወትቲ ኣለዉ - ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ወዲ 39፡ ወዲ ጋንታኡ ፐፐ ወዲ 41 ዓመት። ስለዚ፡ እዞም ክልተ ተጻወትቲ ሸቶ እንተደኣ ኣመዝጊቦም፡ ብፍላይ ሮናልዶ ኣጥቃዓይ ብምዃኑ ዚያዳ ሸቶ ናይ ምምዝጋብ ዕድላት ዝረክብ ብምዃኑ፡ ክብረ-ወሰን ሞድሪች ክሰብር ተኽእሎ ኣሎ።

እዚ ከምዚ’ሉ እናሃለወ፡ ብሸቶ ሞድሪች ክሳብ ኢጋ መውዳእታ ጸወታ መሪሓ ዝጸንሐት ክሮኤሽያ፡ ኣብ መበል 98 ደቒቕ ብዝተመዝገበታ ሸቶ ነጥቢ ብምምቓላ ካብ ምድባ ተሪፉ። በዚ ከኣ፡ እስጳኛ ብምሉእ ትሽዓተ ነጥቢ፡ ንኻልኣይቲ ምድብ መሪሓ ክትሓልፍ እንከላ፡ ኢጣልያ ብሓሙሽተ ነጥቢ ካልኣይቲ ኮይና ሓሊፋ ኣላ።

## “ቪንሰየስ፡ ምሳይ ካብ እተጻወቱ እቲ ዝኸፍአ ተጻዋታይ” ነይማር

ብራዚላዊ ነይማር፡ ምስኡ ካብ ዝተጻወቱ - እቲ ዝኸፈአ ተጻዋታይ፡ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ወዲ ጋንታኡ ዝኾነ ቪንሰየስ ጁንየር ምዃኑ ብምግላጹ፡ ንብዙሓት ወገናት ኣገሪሙ።

ብሰንኪ ማህሰይቲ ካብ ጸወታ ርሒቑ ዘሎ ነይማር፡ ኣብቲ ብቐልጠፍ ዝምልሶ ዝነበረ ቃለ-መሕትት እዩ፡ “ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኻ እቲ ዝኸፈአ ወዲ ጋንታኻ መን እዩ?” ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ “ምስ ብዙሓት ክፉኣት ተጻዊተ እየ። ምስ ኩሉ ኣኽብሮት ግና፡ ቪንሰየስ ዝኸፈአ እዩ። ኣይትሓዝለይ፣ ቪኒ እፈትወካ እየ። ግን ክፉእን ኣሉታዊን እዩ ኸሰ።” ክብል፡ ደባሪ ወዲቕዎ - ዚ ኣብ ላ’ሊጋ ብዓሊታዊ ጸርፊ እስጳኛውያን ዓቕሉ ጸቢብዎ ዘሎ ወዲ ሃገሩ።

ብዚይኣዝ፡ እዚ ተወሃቢ ዝዓደሎ ብሉጽ ብቕዓት ክጥቀመሉ ዘይከኣለ ኣጥቃዓይ፡ እቲ ዝበርትዐ ዝተፋለጠ ተጻዋታይ መን ምዃኑ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ፡ “ቲያጎ ሰልቫ” ክብል፡ ዚ ወዲ ሃገሩ ረቒሒሉ። ንሃገሮም ብሓባር ብዙሕ ግጥማት ዘወከሉዋ ነይማርን ሰልቫን፡ ኣብ ኤውሮጳ ምስ ዝተፈላለያ ክለባት ኣብ ዝነበሩሉ እዋን፡ ብዙሕ ግዜ ተራኺቦም እዮም።

ናይ ተሃድሶ ግዜኡ ኣብ ምሕላፍ ዝርከብ ነይማር፡ ሰለስ ወጋሕታ ሃገሩ ኣብ ኮፓ ኣመሪካ 2024 ኣብ ቀዳመይቲ ናይ ምድብ ጸወታኣ፡ ምስ ኮስታሪካ 0ብ0 ኣብ ዝተፈላለየትሉ፡ ብኣካል ኣብ ስታድዮም ተረኺቡ ተዓዚብዋ ነይሩ። ብራዚል፡ ዝመጽእ ቀዳም ንፓራጓይ ክትገጥማ እያ።



ነይማር ቪንሰየስ

## ያንግ፡ ውዕሉ ኣናዊሑ

ጉዱም ተጻዋታይ ክለብ ኤቨርተን ኣሽሊ ያንግ፡ ክሳብ ሰነ 2025 ዘጸንሕ ሓዲሽ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ፈሪሙ።

ዝሓለፈ ክረምቲ ብናጻ ካብ ኣስቶን ቪላ ናብዚ መርሲሳይዳዊት ክለብ ዝተጸምበረ ያንግ፡ ኣብ 34 ግጥማት ተሰሊፉላ እዩ፣ ሓንቲ ሸቶ ድማ ኣመዝጊቡ። እዚ ዝመጽእ ወርሒ 39 ዓመት ዝመልእ እንግሊዛዊ ዝዓበየ ተሰላፊ እዛ ጋንታ ክኸውን’ውን በቒዑ።

ዳግማይ ሓዲሽ ውዕል ክፍርም ከምዝይተወላወለ ዝገለጸ ያንግ፡ ኣብ 2003 እዩ፡ ምስ ዋትፎርድ ፕሮፌሽናል ናይ ጸወታ ግዜኡ ፈሊሙ። ዛጊት ንኽልተ ዕቑድ ኣብዚ ሊግ ኣብ ዝጸንሓሉ ከኣ፡ ንኣስቶን ቪላን ማንቸስተር ዩናይትድን ከምዝተሰለፈለን ይዝከር። ብሓፈሻ ምስዘን ዝተፈላለያ ክለባት ብምዃን ድማ፡ ኣብ 453 ናይ ፕሪመር ሊግ ግጥማት ተጻዊቱ እዩ።



ኣብ ናይ ክንፊ ተኸላኻሊን ኣከፋፋሊን ብምስላፍ ንኣሰልጠንቱ ብዙሕ ኣማራጺታት ዝሁብ ያንግ፡ ንሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ 39 ግዜ ወኪሉዋ እዩ። ንሓንቲ ዓመት-ስፖርት 2020-21 ምስ ኢንተር ሚላን ምጽዋቱን ዋንጫ ሰሪኣ ምዕታሩን’ውን ኣየርሳዕን።

### እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ካብ ማን ዩናይትድ ክብረር እዩ ክበሃል ዝጸንሐ ተን ሃግ፡ ሓዲሽ ውዕል ክፍርም ምስ ሰብ-ስልጣን እዛ ጋንታ ከምዝተሰማምዐ ተቓሊሑ።

እዚ ስምምዕ ናብ ናይ መውዳእታ መድረኹ ኣብዛ ሰሙን’ዚኣ ከምዝበጽሐ፡ ወኪላት ናይ’ዚ ኣሰልጣኒ ድማ ኣብ መደምደምታ ከበጽሕዎ ይሰርሑ ምህላዎም ይሕበር።

* ፔስት ሃም፡ ንተኸላኻሊ ዎልቭስ ማጽ ኪልማን ንምፍራም ዳግማይ ተገዳስነት ኣርእያ ኣላ - ብመሰረት ጋዜጣ ጎል።

ኣቐዲማ ናብ ዎልቭስ ዘቕረበቶ ሕቶ ዝተነጽጋ ፔስት ሃም፡ ኣብዚ ንኻልኣይ ግዜኣ እተቕርቦ ጠለብ፡ ኣብ ልዕሊ ገንዘብ ሓደ ተጻዋታይ እውን ከም መባድልቲ ክትቕርብ ምዃና ትገልጽ እዛ ምንጪ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ዋንጫ ኤውሮጳ

ስሎቫኪያ - ሮማንያ 7:00 ድ.ቀ

ዩክረይን - በልጅዩም 7:00 ድ.ቀ

ቸክ ሪፓብሊክ - ቱርኪ 10:00 ምሸት

ጆርጅያ - ፖርቱጋል 10:00 ምሸት

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኣርሰናል የማናይ ኢድ ሒዛ

እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል፡ ኣብ ማስርሕ ምስዮግጋር ኣጥቃዓይ ሽቱትጋርት ሰርሆ ጉይራሲ የማናይ ኢድ ሒዛ ከም ዘላ እሙናት ምንጪታት ኤምሬትስ ኣፍሊጦም። ጀርመናዊት ክለብ ብሩሽያ ዶርቱሞንድ ነዚ ተጻዋታይ ኣብ ምውናን ክግበር ኣብ ዝጀንሐ ቅልስ ምስ ኣርሰናል ኣብ ከቢድ ውድድር ኣትያ ከም ዝበረት ኣይርሳዕን። ወዲ 28 ዓመት ጉይራሲ፡ ቅድሚ 12 ኣዋርሕ ናብ ሽቱትጋርት ድሕሪ ምምጽኡ ኣብ 28 ጸወታታት 28 ሸቶታት ብምምዝጋብን ነታ ጋንታ ኣብ ቡንደስ ሊጋ ካልኣይ ተርታ ሒዛ ውድድራ ብምዝዛም ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ሰታፊ ክትረኽብን ልዑል ኣስተዋጽኦ ከም ዝበረ'ዩ ዝእመን። ነዚ ዝርኣያ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ከኣ ካብ ሽቱትጋርት ክምንጥልኦ ሳዕልን ታሕትን እናበሉ ጸኒሐን። ባየር ሙኒኽ፡ ቸልሲን ማንቸስተር ዩናይትድን ኣብ ልዕሊ እዚ ተጻዋታይ ተጉዳሰሉት የሕዳረን ከም ዘለዋ ይግለጽ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብዚ እዋን ግን ኣርሰናል ሳዕለዋይ ኢድ ሒዛ ከም ዘላ'ዩም ኣብ ማስርሕ ምስዮግጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ ዕምቈ ዝበለ ኣፍልጦ ዘለዎም ወገናት ዘረድኡ። ይኹን'ምበር፡ ብሩሽያ ዶርቱሞንድ ንኣርሰናል ቀሊል ብድሆ ከም ዘይትኸውን ይሕበር'ዩ። ሽቱትጋርት ነዚ ተጻዋታይ ከተጸንሖ ዝበኣላ ኣብ ምግባር'ያ ትርከብ ዘላ። ዋላ'ኳ ክሳብ ሰነ 2026 ምስ'ዛ ጋንታ ክጸንሕ ውዕል እንተሃለዎ፡ ኣብ ውዕሉ ግን ካብ 18 ክሳብ 10 ሚልዮን ዩሮ ብዘበጽሕ ገንዘብ ክፋኖ ተኽእሎ ስለ ዘለዎ ኣርሰናል ክትዕውተሉ ትኽእል'ያ። ኣቦ መንበር ክለብ ሽቱትጋርት ኣሌክሳንደር ወህርል፡ እቲ ተጻዋታይ ኣብታ ጋንታ ክጸንሕ ዘለዎ ተስፋ ልዑል ምዃኑ'ዩ ዝኣምን። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሽዱሽተ ካብ ቀወምቲ ተጻወትቲ ኣርሰናል ኣብ ቅድመ ምድላዋት እታ ጋንታ ንምስታፍ ምስ ኣርቴታ ከም ዝተጸንበሩ ተሓቢሩ። ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ብማንቸስተር ሲቲ ብክልተ ነጥቢ ጥራይ ተበሊጻ ሻምፕዮን ካብ ምዃን ዝተኸልከለት ኣርሰናል፡ ኣብ ቀዳሞት ሽዱሽተ ሰሙናት ናይ ዝመጽእ ዓመተ ስፖርት ግጥም ፕሪመር ሊግ ኣንጻር ኣስቶን ቪላ፡ ቶተንሃምን ማንቸስተር ሲቲን ጸወታታት ተሰሪዑላ ከም ዘሎ ይፍለጥ። በዚ'ዩም ከኣ እቶም ካብ ዋንጫ ኤውሮጳን ኮፓ ኣመሪካን ዝጠኸሩ ተጻወትቲ ኣርሰናል ብቐልጠፍ ናብ ጋንታኦም ክምለሱ ወሲኖም ዘለው። ኣባል ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ኮይኑ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ ብዘይምምራጹ ኣዝሪቢ ኣርእስቲ ዝፈጠረ በን ዋይት፡ ሓደ ካብቶም ቀልጠፍም ኣብ ኤምሬትስ ዝተረኽቡ ተጻወትቲ እዩ። ማርቲን ኦዴጋርድ እውን ኣብ ሰዓቶም ካብ ዝተረኽቡ ተጻወትቲ'ዩ ኮይኑ ዘሎ። ኣርሰናል ዝመጽእ 28 ሓምለ ኣብ ሎስ ኣንጀለስ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ናይ መዳለዊ ግጥም ድሕሪ ምኪያዳ ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ከኣ ኣብ ፊላደልፊያ ምስ ሊቨርፑል ክትራኸብ ምዃና ተፈሊጡ ኣሎ። ካብ ዜናታት ኣርሰናል ከይወጻእና፡ ወናኒ ዝተፈላለዩ ክብርታት እታ ጋንታ ዝኾነ ናይ ቅድም ተጻዋታያ ቴሪ ሄንሪ፡ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ዌልስ ክኸውን ከም ዝተሓጸየ መርበብ ሓበሬታ በበሲ ኣፍሊጡ። ኣቐዲሙ ኣሰልጣኒ ክለብ ሞናኮ ኮይኑ ዝሰርሐ ሄንሪ፡ ኣብዚ እዋን ከም ኣሰልጣኒ ናይ ትሕተ 21 ዓመት ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ኮይኑ'ዩ ዝሰርሕ ዘሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ከም ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ኮይኑ'ውን ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ክሳተፍ'ዩ። ወዲ 46 ዓመት ሄንሪ ድሮ ምስ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዌልስ ዝርርብ ከም ዝጀመረ'ዩ ዝሕበር ዘሎ። ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዌልስ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ንሮብ ፔጅ ድሕሪ ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ካብ መዘዙ ከም ዘብረሮ ኣይርሳዕን። እቲ ኣሰልጣኒ፡ ንዌልስ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ከእትዋ ብዘይምኽኣሉ'ዩ ካብ መዘዙ ተባሪሩ። ሃገራዊት ጋንታ ዌልስ ኣብ 2018 ብናይ ቅድም ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ራያን ጊግስ ተዓሊማ ከም ዝበረት ይዝከር።



## ማነ ጋንታ ክቕይር ይሓስብ

ሃገረ ሰኔጋል ካብ ዘርኣየቶም ብሉጻት ተጻወትቲ ሓደ ምዃኑ ዝእመኑ ሰዩዶ ማነ ካብታ ንክርስትያኖ ሮናልዶ ማእከል ስሕቡት ገይራ ትውዳደር ክለብ ኣል-ነስር ወጺኡ ናብ መቖናቖንታ ጋንታታት ክኸይድ ከም ዝኽእል መርበብ ሓበሬታ ጎል ኣፍሊጡ። ኣብ ሊቨርፑል ጸቡቕ ናይ ጸወታ ግዜ ዘሕለፈ ማነ ኣብ ኈኢ ክርስትያኖ ሮናልዶ ኮይኑ ክጻወት ከም ዘይመቸኦ እዩም ብዙሓት ወገናት ዘረድኡ። ኣብ 2023 ናብ ማእከላይ ምብራቕ ዝኸደ ማነ ኣቐዲሙ ኣብ ግጥም ቡንደስ ሊጋ ማልያ ባየር ሙኒኽ ወድዩ ንሓደ ዓመት ከም ዝተጻወተ ኣይርሳዕን። ዋላ'ኳ ምስ ኣል-ነስር ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ፈሪሙ እንተነበረ፡ ኣብዚ እዋን ግን ካልእ ጋንታ ንምቕያር ዝርርብ ከም ዝጀመረ እዩን ጋዜጣታት ሰዑዲ ዓረብ ዝሕብራ ዘለዋ። ወዲ 32 ዓመት ሰዩዶ ማነ ኣብ ዓመተ ስፖርት 2023/2024 ማልያ ኣል-ነስር ወድዩ ኣብ ዝተጻወተሉ 50 ግጥማት 19 ሸቶታት ከም ዘመዝገበ እዩም ሰነዳት እታ ጋንታ ዘረድኡ። በዚ ዕጉብ ከም ዘይኮነ ዝሕበር ማነ ዋላ'ኳ ካብ ጸወታታት ሊግ ሰዑዲ ዓረብ ክወጽእ መደብ እንተዘይብሉ፡ ማልያ ክለብ ኣል-ነስር ወድዩ ክጻወት ግን ኣይደለየን ዘሎ። ገለ ገለ ቀረብቱ፡ እቲ ተጻዋታይ ካብ ክርስትያኖ ሮናልዶ ተኣልዩ ምስ ናይ ካሪም በንዘማ ጋንታ ኣል ኢትሓድ ክጻወት ከም ዝደሊ እዩም ዘረድኡ። ክለብ ኣል-ነስር ብመልክዕ ልቓሕ ንሓደ ዓመት ሰዲዳ ሓደ ዓመት ክትጥቀመሉ ከም እትኽእል'ውን ይንገር'ዩ። እዚ እንተደኣ ክውን ኮይኑ ማነ ምስ ሮናልዶ ዘይክራኸብ ይኽእል'ዩ። ምኽንያቱ፡ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት 50 ሸቶታት ዘመዝገበ ሮናልዶ፡ ምስ ኣል-ነስር ዘለዎ ውዕል ኣብ 2025 ወዲኡ ካብታ ጋንታ ክወጽእ ልዑል ተኽእሎ ስለ ዘሎ።



## ዩናይትድ ንኡጋርተ ትሃድን

እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ኣብ ልዕሊ ኣከፋፋሊ ፒኤስጂ ማኑኤል ኡጋርተ ተጉዳስነት ከም ዘሕደረት መርበብ ሓበሬታ ደይሊ መይል ንእሙናት ምንጪታት ኣልድ ትራፎርድ ብምጥቃስ ኣፍሊጡ። ማኑኤል ኡጋርተ፡ ምስ'ዛ ዘውዲ ሻምፕዮን ክለባት ፈረንሳ ዝደፈኣት ክለብ ብ52 ሚልዮን ፓውንድ ድሕሪ ምፍራሙ'ዩ ሓደ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ብዩናይትድ ዝህደን ዘሎ። ኡጋርተ ካብ ስፖርቲን ሊዝበን'ዩ ናብ ፒኤስጂ ተሰጊሩ። እዚ ወዲ 23 ዓመት ተጻዋታይ፡ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ማልያ ፒኤስጂ ወድዩ ኣብ ዝተፈላለዩ 37 ጸወታታት ከም ዝተጻወተን፡ ሰለስተ ንሸቶ ዝኸና ኩዕሶ ክሰርሕ ከም ዝኸኣለን መዛግብቲ ሊግ 'ኣ' ፈረንሳ የረድኡ። ኡጋርተ ኣብዚ እዋን ኣብ ግጥም ኮፓ ኣመሪካ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኡራጓይ'ዩ ዘሎ። ሃገራዊት ጋንታኡ ኣብ ልዕሊ ሃገራዊት ጋንታ ፓናማ 3ብ1 ኣብ ዝተዓወተትሉ ቀዳማይ ናይ ምድባ ጸወታ ከኣ ናይ ምስላፍ ዕድል ከም ዝረኸበ ይፍለጥ። ፒኤስጂ፡ ዝሓለፈ ዓመት ነዚ ትስፉው ምዃኑ ዝእመነሉ ተጻዋታይ ምስ ቸልሲ ተኸራኺራ'ያ ወሲዳቶ። ዩናይትድ እዚ ወጢናቶ ዘላ ማስርሕ ምስዮግጋር ናይዚ ተጻዋታይ እንተደኣ ሰሊጥዋ፡ ኣብ ርእሲ ንኢስ ዕድሚኡ ብዘውንኖ ኣካላዊ ቀመናን ተጻናጺ ባህርኡን ክትረብሕ ከም ትኽእል'ዩም ፈላጦት ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ዝእምቱ። ኣብ 22 ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ጸወታታት ምስላፉ'ውን ካልእ ተወሳኺ ናይ ተመክሮ ረብሓ'ዩ። ኡጋርተ ናብራ ከተማ ፓሪስ ከም ዘይጠዓሞን ፒኤስጂ'ውን ናብ ጁቬንቱስን ኤሲሚላንን ክትሸጦ ትደናደን ከም ዘላን'ዩም እሙናት ምንጪታት እታ ጋንታ ዝገልጹ። ይኹን'ምበር፡ ኣሰልጣኒ ፒኤስጂ ልዊስ ኤንሪከ፡ ነቲ ተጻዋታይ ዝወጽኦ 52 ሚልዮን ፓውንድ ከይተጠቐመሉ ክፋንዎ ከም ዘኸብዶ ዝገልጹ ውሑዳት ኣይኮኑን። ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብዚ እዋን ማስመር ምክፋላ ንምትዕርራይ ትሰርሕ ከም ዘላ'ዩም ምስ ኣልድ ትራፎርድ ቀረባት ዘለዎም ወገናት ዝሕብሩ። ካስሚሮ ናብ ክለባት ሰዑዲ ዓረብ ከም ዝኸይድ ብሰፊሑ ክዝረብ ከሎ፡ ኤሪክሰን'ውን ብቀዋሚ ክሾየጥ ምዃኑ ይሕበር። ዩናይትድ ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ማእከል ተኸላኻላይን ኣጥቃዓይን እውን ትደሊ ከም ዘላ ይሕበር'ዩ። ተኸላኻላይ እታ ጋንታ ራፋኤል ቫራን ሰሙናዊ 340 ሽሕ ሜሪያ ገዲፉ ካብ ኣልድ ትራፎርድ ክፋኖ ከም ዝወሰነ ኣይርሳዕን።




## ሃቫርትዝ ተቓውሞ የጋጥሞ

ደገፍቲ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን፡ ኣጥቃዓይ ኣርሰናል ኪያ ሃቫርትዝ ምስ ቀዳሞት 11 ተሰለፍቲ እታ ጋንታ ኣብ ሜዳ ከይኣትው ተቓውሞኦም የስምዑ ኣለው። ብመሰረት ን140 ሽሕ ደገፍቲ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ዝቐረበ ሕቶ፡ እቶም 90% ሃቫርትዝ ኣብ ተቐያሪ መንበር ኮፍ ክብል ከም ዘለዎ ክገልጹ ከለው፡ ኣጥቃዓይ ብሩሽያ ዶርቱሞንድ ኒክላስ ፉልክሩግ ከኣ ቀዳማይ ተሰላፊ ክኸውን ርእይቶኦም ሂቦም። ሃቫርትዝ ዋላ'ኳ ኣብ ፈላሚ ጸወታ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ምስ ሃገራዊት ጋንታ ስኮትላንድ ብመንገዲ ፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ ሓንቲ ሸቶ ከመዝግብ እንተኸኣለ፡ ኣብ ዝሓለፋ ክልተ ጸወታታት እታ ጋንታ ግን ድኹም ምንቅስቓስ እዩ ኣርእዩ። ንኣብነት ኣብ ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ስዊዘርላንድ ማዕረ እትጉበር ሸቶ ዘመዝገበ ፉልክሩግ ክስለፍ ጠለቦም ዘቕረቡ። ፉልክሩግ ኣብቲ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ንሃገራዊት ጋንታ ስኮትላንድ 5ብ1 ዝሰዓረትሉ ግጥም'ውን ሓንቲ ሸቶ ከም ዘመዝገበ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ቦታ ቁጽሪ 9 ዝያዳ ሃቫርትዝ ከድምዕ ከም ዝኽእል ድማ ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ጀርመን የረድኡ። ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኣርሰናል ኣብዚ ቦታ ዝተጻወተ ሃቫርትዝ፡ ዝበዝሕ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብ መስመር ምክፍፋል እናተጻወተ'ዩ ሓሊፍዎ። ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ጁሊያን ናግልስማን፡ ክልቲኦም ተጻወትቲ ምስ ቀዳሞት 11 ተሰለፍቲ ናይ ምውራድ ዕድሎም ማዕረ ምዃኑ'ዩ ዘረድእ። ብዙሓት ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ




ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ግጥም ምስ ሃገራዊት ጋንታ ስዊዘርላንድ፡ ሓንሳብ ጥራይ'ዩ ፈተነ ኣካዩዱ። በዚ'ዩም ከኣ ኣብ ማዕከን ዜና በልድ ርእይቶኦም ክህቡ ዝተሓተቱ ኣስታት 140 ሽሕ ዝበጽሑ ደገፍቲ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን፡ ኣብ ክንዲ ሃቫርትዝ እቲ ኣብ ምውት ሰዓት ኤውሮጳ፡ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ምስ ሃገራዊት ጋንታ ስዊዘርላንድ ኣብ ዝገበረቶ ግጥም፡ ፉልክሩግ ቀዲሙ ክስለፍ ግምታቶም ሂቦም ምንባሮም ይፍለጥ። ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ናይ ግጥም ኣውዳቕካ ምሕላፍ ጸወታኣ ቀዳም ኣብ ከተማ ዶርቱሞንድ እያ ከተካይድ።

# ዜና ወጻኢ

ምርያም ኣብርሃም

## ኬንያ 400 ወተሃደራት ናብ ሀይቲ ልኢኻ

ኬንያ፡ ኣብ ሀይቲ ንዘተፈጥረ ዘይምርግጋእ ንምፍታሕ ከምዝሰርሕ ዝገለጸቶ 400 ወተሃደራት ዝሓቖፈ ጉጅለ ከምዝለኣኸት ተሓቢሩ፡፡ ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶ፡ ኣብ ስነስርዓት ምፍናው ናይቲ ጉጅለ ተረኺቡ፡ ጽቡቕ ዕድል ተመንዩ፡፡ ኬንያ ኣስታት 1 ሽሕ ወተሃደራት ናብ ሀይቲ ክትልእኽ መደብ ኣውጺኣ ኣላ፡፡ ወተሃደራት ኬንያ ኣንጻር'ቶም ጠንቂ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ኮይኖም ከምዝለዉ ዝንገረሎም ጉጅለ ገበኛታት ሀይቲ ኣብ ምቅላስ ከምዝሰርሑ ተቓሊሑ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኬንያ ከም መራሒት ኮይና ኑቲ ኣብ ሀይቲ ኣንጻር ጉጅለ ገበኛታት ዝዐየድ ቃልሲ ክተሓየለ፡ ደገፍ ምሃቡ ዝዝከር እዩ፡፡

በዚ ኸኣ፡ ኬንያ ንኸም በዓል ቤኒን፡ ጫድ፡ ጃማይካ፡ ባርባዶስን ባሃማስን ዝኣመሰላ ሃገራት መሪሓ ኣብቲ ቃልሲ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ፖሊስን ጸጥታን ከተዋፍር ምኳና እዩ ክሕበር ጸኒሑ፡፡



በቲ ተወጢኑ ዘሎ ስርሒት፡ እቲ ኣብ ሀይቲ ተፈጢሩ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው መዓልቦ ክርከቦ ከምዝኽእልን፡ ፖሊስን ኣባላት ጸጥታን እታ ሃገር'ውን ምስዞም ካብዘን ሃገራት ዝመጹ ወተሃደራት ተሓባቢሮም፡ ሰላም እታ ሃገር ዳግማይ ንምምስራት ከምዝሰርሑ እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ፡፡

ኣብታ ካሪብያዊት ሃገር፡ ብጉጅለ ገበኛታት ዝግበር ናዕቢ እናበኣሰ ድሕሪ ምምጽኡ፡ እቲ ኩነታት ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ሀይቲ ወጺኢ ኮይኑ ምህላዉ ይንገር፡፡

ቀዳማይ ሚኒስተር ሀይቲ ኣሪያል ሄንሪ፡ እቲ ዝኸፍአ ኣንፈት ሒዙ ዘሎ ጸጥታዊ ብድሆታት'ታ ሃገር እናሓየለ ብምምጽኡ ካብ ስልጣኑ ብጉዙአ ፍቓዱ ከምዝወረደ ዝዝከር እዩ፡፡

ኣብ 2021፡ ፕረዚደንት ሀይቲ ነበር ጆቨኔል ሞይሰ፡ ብዕጡቃት ድሕሪ ምቕንጻሉ፡ እታ ሃገር ናብ ዝኸፍአ ቅልውላው ተምርሕ ምህላዋ'የም ጸብጻባት ዝሕብሩ፡፡

ኣስታት 11.5 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሀይቲ፡ ብሰንኪ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ልዕሊ 160 ሽሕ ነበርታ ካብ ኣባይቶም ከምእተመዛበሉ ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት የመልክቱ፡፡

## ሩስያ- ኣብ በዓል 8 ደርቢ ህንጻ ዝተኸሰተ ባርዕ ሰብኣዊን ንዋታዊን ክሳራ ኣውሪዱ

ኣብ ሞስኮ-ሩስያ፡ ኣብ በዓል 8 ደርቢ ህንጻ ብዝተኸሰተ ባርዕ ሓዊ፡ ብውሑዱ 8 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ኣብ ንብረት ድማ ከቢድ ዕንወት ወሪዱ፡፡

ነቲ ባርዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓል መንግስቲ ሩስያ ልዕሊ 130 ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊን 2 ሄሊኮፕተራትን ከምዘዋፈረ እዩ ተቓሊሑ፡፡

ጠንቂ እቲ ሓደጋ ዛጊት ከምዘይተፈልጠ ዝሓበረ መንግስቲ ሩስያ፡ ክኢላታት ጽዑቕ መርመራ የካይዱ ከምዝለዉ'ዩ ኣፍሊጡ፡፡

እንተኾነ፡ እቲ ባርዕ ኣብቲ ህንጻ ሃንደበት ብዘጋጠመ ናይ ኤሌትሪክ ብልሽት ከምእተኸሰተ ዝገልጹ ወገናት ኣለዉ፡፡

ኣብቲ ህንጻ ልዕሊ 30 ኩባንያታት ተኻርየን ሰራሕን ከሰላስላ ምጽንሐን ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ 6 ካብቶም ዝሞቱ ሰራሕተኛታት ናይዘን ኩባንያታት ምኳኖም ኣመልኪቶም፡፡



## ሞሮኮ - ልዕሊ 40 ቶን ሕክምናዊ ረድኤት ናብ ቓዛ ልኢኻ

ሞሮኮ ልዕሊ 40 ቶን ዝምዝን ናውቲ ሕክምና ዘጠቓለለ ረድኤት ናብ ወሸመጥ-ቓዛ ከምዝለኣኸት ገሊጻ፡፡




እዚ ናይ መቦጣሕቲ፡ ናይ ቁስሊ፡ ናይ ዓብይቲን ህጻናትን መድሃኒትን ብዘጠቓለለ ዝርከቦ ሕክምናዊ ረድኤት፡ ብመንገዲ ቀይሕ ወርሒ ናብቲ ዞባ ከምዝኣተወ እዩ ተሓቢሩ፡፡

ኣብ ወሸመጥ-ቓዛ፡ ብመጥቃዕትታት እስራኤል ጉድኣት ዘወረዶም ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰላማውያን ሰባት፡ ብሰንኪ ሕጽረት መድሃኒት ኣደዳ ሞት ይኾኑ ከምዝለዉ እዩ ዝግለጽ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ፡ ወተሃደራት እስራኤል ናብ ወሸመጥ ቓዛ ሰብኣዊ ረድኤት ከይኣቱ ድሕሪ ምዕጋቶም፡ ኩነታት እቲ ዞባ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ምብጽሑ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ብሰንኪ'ቲ ልዕሊ 8 ኣዋርሕ ኣቑጺሩ ዘሎ ውግእ እስራኤልን ሓማስን፡ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ናይ ዝሞቱ ፍልስጤማውያን ቁጽሪ ልዕሊ 37 ሽሕ በጺሑ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ልዕሊ 625 ሽሕ ቈልዑ ካብ ትምህርቲ በኹሮም ኣለዉ፡፡

## መስራቲ ዊኪሊክስ ጁልያን ኣሳንጅ ካብ ቤት-ማእሰርቲ ወጺኡ

መስራቲ ዊኪሊክስ ጁልያን ኣሳንጅ፡ ካብ ቤት-ማእሰርቲ ናጻ ከምዝወጸ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን፡፡

ወዲ 52 ዓመት ዝኾነ ጁልያን ኣሳንጅ፡ 5 ዓመት ኣብ ብሪጣንያ ተኣሲሩ ድሕሪ ምጽንሑ'ዩ ትማሊ ሰሉስ ናጻ ተለቒቑ፡፡

ጁልያን ኣሳንጅ ኣቐዲሙ'ውን ኣብ ከተማ ለንደን ኣብ ዝርከብ ህንጻ ኤምባሲ ኤኳዶር 7 ዓመት ተዓቒቡ ምንባሩ እዩ ዝሕበር፡፡

ዊኪሊክስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ዘተኮሩ ምስጢራውያንን ተኣፈፍቲን ሰነዳት ብምዝርጋሕ፡ ንሃገራዊ ድሕነታ ኣብ ሓደጋ ከእቱ ምጽንሑ'ያ ኣመሪካ ክትከስሰን ንመስራቲኣ ዊልያም ኣሳንጅ ክትርከቦ ክትሓትትን ጸኒሓ፡፡



ኣኽበርቲ ሕጊ ኣመሪካ፡ ኣሳንጅ ምስጢራዊ ሰነዳት ኣመሪካን ዲፕሎማስያዊ መልእኽትታትን ኣቃሊዑ ብምባል፡ ኣብ ልዕሊኡ 18 ክሲታት ከምዝመስረቱ'ውን ዝዝከር እዩ፡፡

ዝሓለፈ ወርሒ ኣሳንጅ፡ ናብ ኣመሪካ ክስጋገር ከምዝኽእል'ውን ክሕበር ጸኒሑ'ዩ፡፡ እንተኾነ፡ ምስ ሰበ ስልጣን ኣመሪካ፡ ጠበቓታቱን ድሕሪ ዝተኻየደ ዝርርብ፡ እቲ ንዊሕ ዓመታት ኣብ ማእሰርቲ ዝጸንሐ ኣሳንጅ ናብ ሃገሩ ኣውስትራልያ ተፋኒዩ ኣሎ፡፡

ጁልያን ኣሳንጅ ኣብ 2006 ንዊክሊክስ ብምምስራት፡ ኣብ ታሪኽ ኣመሪካ ናይ መጀመርያ ዝኾነ ልዕሊ 10 ሚልዮን ምስጢራውያን ሰነዳት ንህዝቢ ከምዝዘርገሐ ጸብጻባት ይጠቕሱ፡፡

ኣሳንጅ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሸወደን ዝተፈላለዩ ናይ ዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ክሲታት ተመስሪቱሉ ምንባሩ'ውን ይግለጽ፡፡

## ተወሳኺ

ኣብ ፍሎሪዳ-ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካብ ህዋ ከምዝወደቐ ብዝተገልጸ ሓጺን ገዛኦም ዝፈረሶም ስድራ-ብቤት፡ ንትካል ምርምር ህዋ ኣመሪካ (ናሳ) ከሲሶም፡፡

እቲ 0.7 ኪሎ ግራም ሚዛን ዘለዎ ሓጺን ካብ ህዋ ብፍናር ኣብ ልዕሊ ገዛኦም ብምውዳቑ፡ ክልተ ናሕሲ በሲዑ ናብ መንበሪቤት ናይቶም ስድራ ከምዝኣተወ እዩ ተቓሊሑ፡፡

በዚ ኸኣ፡ መንበሪ ቤት ስድራ ኣልሃንድሮ፡ ናሕሱ ከምዝፈረሰ፡ ወዶም ድማ ካብ መጉዳእቲ ንስክላ ከምዝደሓነ እዮም ስድራ ገሊጾም፡፡

እቲ ካብ ህዋ መጺኡ ዝተባህለ ሓጺናዊ ስብርባር፡ ኣካል ናይቲ 5800 ፓውንድ (2630 ኪ.ግ) ዝምዝን ብ'ናሳ' ዝተባህለ ትካል ምርምር ህዋ ኣመሪካ ዝተጓሕፈ ሓጺን ምኳኑ እዩ ተሓቢሩ፡፡

በዚ ኸኣ እዞም ሕጂ ግዳያት ኮይኖም ዘለዉ ስድራ፡ 'ናሳ' ኣብ ገዛኦም ብዘውረዶ ዕንወትን፡ ኣብ ኣእምሮኦም ብዘስዓቦ ጭንቀትን ካሕሳ ክህቦም ይሓትቱ ከምዝለዉ እዩ ተገሊጹ፡፡

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ካብ ህዋ ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት ዘውረዱ ናይ ሓጺን ስብርባር እናበዝሑ ይመጽኡ ከምዝለዉ'ዩ ዝሕበር፡፡




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ በራኺ | 26/06/2024 | ከባቢ ፊያት ታሌሮ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ | 07147264 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565